ሕዳስ ኤርትራ

እስ - ዓነቀቑ 27 Jun - 08 Jul 2006

*ወዳጀ መደረ ጋዜጣና: ርእይቶ ኣምበብቲ ኣብ መወዳእታ ገጽ ተመልከት*

# ህዝብታት ዞባና ክነቕሑሉ ዝግባእ ሽርሒ!!

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ሶማል ዝተኸስተ ምዕባለ። ናብ ምህናጽ ጥምርቲ ሃገር ሶማል ብኡ ኣቢሉ ድማ ናብ ምርግጋእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ገጹ ዝወስድ መገዲ ከይጸርግ ከቢድ ሻቕሎት ሓዲሩዎም ካብ ዝኣየዩ ዘለው ወገናት ብቐዳምነት ዝስራዕ። ምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ'ዩ፣ ምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ። ብስም ምምሓው ግብረሽበራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወተሃደራዊ ምትእትታው ኪገብር ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ፣ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ምትእትታው'ዚ። ከምቲ ዝበሃሎ ግብረሽበራ ንምምሓው ዘይኮነ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዘሎ ባህርያዊ ጋግ። ከም ጠንቂ ንግጭታት ተጠቒምካ ሽበራ ብምዝራእ። በዚ መገዲ'ዚ ዝተበታተና መንግስታት-ኣልቦ ሃገራት ፈጢርካ። ኣብ ዞባና ዕብለላን ምግባትን ዘረጋገጽ ሓድሽ መግዛእቲ ንምውሓስ'ዩ፣ ነዚ እከይ ዕላማ ክውን ንምግባር። ምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ። ኣቐድም ኣቢሉ ብስም ምምሓው ግብረሽበራ ኣብ ጅቡቲን ምብራቕ ኢትዮጵያን ዝመስረቶ መዓስከራት ከይኣክል። ኣብ ሱዳን ንዝጸንሐ ኵናት ሓድሕድ መዝሚዙ። ብስም "ምዕቃብ ሰላም" ወተሃደራዊ ህላወኡ ንምርግጋጽ ህቀናታት ከካይድ ምጽንሑ'ውን ኣይዝንጋዕን፣ ሓድሽ ምዕባለታት ሶማል ዝፈጠሮ ስንባደ ከኣ።

ምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ ብኢድ ኣዙር *ንወያነ* ዓሲቡን ደጒሙን ቅሉዕ ወራር ናብ ምፍጻም ገጹ ይድርኾ ከምዘሎ። ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ንሓድሽ ምዕባለታት ሶማል ኣመልኪቶም ዝህብዎ ዘለዉ መግለጺታት ብጋህዲ የመልክት ኣሎ፣ ድሮ'ውን ኣብ ሶማል ተኸሲቱ ንዘሎ ምዕባለታት ናይ ምዝራግ ህጹጽ ተልእኾ ተዋሂብዎ ዘሎ ዕሱብ ጃንዳ ወያነ። ሓድሽ ኲናት ሓድሕድ ንምስዋርን ኣብ ውሽጢ ስሙር መጋባኣያ ፍልልያትን ምትፍናንን ንምፍጣርን። ኣብ መሬት ሶማል ብቕሉዕ ወራር ተዋፊሩ ኣሎ፣ምምሕዳር ኣመሪካ። ናይ ምግባትን ምዕብላልን ሸውሃቱ እምባዛ ርሒቡ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ብዘስደምም ብድዐ ኪገብሮ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ዕንደራ። ብመላእ ህዝቢ ዓለም ተፈንፊኑን ተጸሊኡን። እቲ ስርዓት ኣብ ሓደገኛ ናይ ጥፍኣት ዓዝቕቲ እናተሸመመ ይኸይድ ከምዘሎ ርኡይ ኮይኑ እናሃለወ። እዚ ሕጂ ኣብ ሶማል ክፍጽሞ ወጢንዎ ዘሎ ምትእትታው። ገና ካብ ተመኵሮኡ ከም ዘይተማህረን በዚ ኣዕናዊ መገዲ ክቕጽል ምምራጹን ዘረጋግጽ'ዩ፣ ምምሕዳር ኣመሪካን ከም ስርዓት ወያነ ዝኣመሰሉ ዕሱባቱን። ሶማላውያን ንኸይሰምሩ። ዓሌታዊ ግጭታት ከጓሃሁን ከራስኑን ከምዘይጸንሑ። ኣብዚ ሕጂ እዋን። እቲ ካብ ህዝቢ ሶማል ዝመንጨወ ናብ ሓድሽ ፍታሕ ዝኣንፈተ ምዕባለታት ንረብሓኦም ከምዘይኮነ ብምግምጋም። ተሓለቕቲ ህዝቢ ሶማል መሲሎም። ንህዝብታት ሶማል ከናቑቱን ንዞባና ኣብ ዝኸፍአ ዘይምርግጋእ ንኽሸሙን ዝኣልምዎ ዘለው ሽርሒን ዝገብርዎ ዘለው ምጉያይን እምበኣር። ህዝቢ ሶማልን መንግስታትን ናይ ፖለቲካ ሓይልታትን ዞባናን ክነቕሑሉን መጋበርያ ካብ ምኳን ክጥንቀቑሉን ዝግባእ'ዩ !! -- መደረ እዋን ጻዕረ ሞት --!!-- መደረ እዋን ጻዕረ ሞት !!






## መግለጺ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ትማሊ 30 ሰነ 2006፡ ብመንገዲ ሓንቲ በዓልቲ ስልጣኑ ኣቢሉ፡ ኤርትራ እትርከበን ሰለስተ ሃገራት ብምጥቃስ፡ "ንሕብረት እስላማዊ መጋባእያ ሶማል ናይ ኣጽዋርን ፋይናንስን ደገፍ ይገብራ ኣለዋ" ኪብል ብሓሶት ከሲሱ ኣሎ።

መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ብዘይ ቅንጣብ መርትዖ ክንዛሕ ዝተሃቀነ መንቀሊኡ ሰናዕቱ ጥራይ ዝፈልጥዎ ምሁዝ ክሲ ኣትሪሩ እናነጸገ፣ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝቐረቦ ክሲ ዝድግፍ መርትዖ ኣብ ቅድሚ ዓለም ጋህዲ ኪገብር ይጽውዕ።

መግለጺ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ምስቲ ኣብዚ ቅንያትዚ ኣንጻር ኤርትራ ብርቱዕ ኪሰርጽ ዝተሃቀነ እኩይ ናይ ጸለመ ዘመተ ኣተኣሳሲርካ እንትርአ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ኑቲ ኤርትራ ኣብ ቅድሙ-ማንባር ከይና ዝተዋስኦቶን ትዋስኦ ናይ ዘላን ቃልሲ ጸረ-ዓለማዊ ግብረ-ሽበራ ተራኣ ብኩልሕምሽ ንምድዕማስን ንዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ እተካይዶ ቅዱስ ጻዕሪ ንምልማሳን ዝተኣልመ ውዲት ምዃኑ ግሁድ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ መንግስቲ ኤርትራ ከምዚ ዝኣመሰለ ንኻልእ ስውር ዛዕባታት ኪገልግል ዝተፈብረኸ ወስኣቲ ዘመተ፡ ንሰላምን ምርግጋእን ዞባና ዝኮድእ ሓደገይና መኣዝን ስለዝኾነ ኣትሪሩ ከምዝቃወሞ ደጊሙ የረጋግጽ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ
1 ሓምለ 2006
ኣስመራ





## *ወያነ* *ወያነ* *ወያነ* ንዕሱብነት ዝተላዕለ ብላይ ጨርቂ !

*ካብ ህዝቢ ዓለም 63% ጥራይ ዝሓቘፈት ሃገረ ኣመሪካ*። ንልዕሊ 50% ካብ ሃብቲ ዓለምና ገቢ,ታ። ፖለቲካውን ቁጠባውን ዕብለላኣ ኣብ ዓለም ከተረጋግጽ ዘኽኣላ ዛንታ ብቐንዱ። ናይ ካልኦት ጸጋታት እናመንዛዕካ ናይ ምጉልባት። ዛንታ ዘረፋን ግፍዕን ኢዩ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ታሪኽ ናይዞም ዘርኢ ቀያሕቲ ህንዳውያን ደቀባት ኣመሪካ ኣጽኒቶም። ካብ ኣፍሪቃ ምስናይ ዘስካሕክሕ ግፍዕታቱ ኣብ ሕርሻ ዝምዝመዙ ባሮት ጓሪቶም። ኣብ ዘይመሬቶም ብዘይረሃጾም ዘይተኣደነ ሃብቲ ዘኻዕበቱ ስርዓታት ኣመሪካ። ብዝኾነ ዋጋ “ቅድምን ልዕሊ ኹሉን ንሕና” ኣብ ዝብል ሰረተ እምነት ስስዐ እተሞርኰሰ ታሪኽ'ዩ፣ በዚ ኣነዋሪ ታሪኽ'ዚ ዝኅብለለት ኣመሪካ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ቑጠባዊ ግብትናኣን ዘይዓግብ ስሱዕ ሸውሃታን ንምርዋይ ብዝቐየሰቶ ጂኦ-ፖለቲካ። ነቶም “ሓደጋታት ናይ ጽቡቕ ኣርኣያ” እትብሎም ተቓወምቲ ባርነትን ተቓለስቲ ፍትሒን እናደሃኸት። መሰል ሓፋሽ ህዝቢን ሃገራትን ከምዝርገጽ ንምግባር። ንገፋዕቲን ጨቆንቲን ስርዓታትን ናይ ፖለቲካ ጉጅለታትን ደጊፋን ደጒማን ተካይዶ ዘላ ዕንደራ ኣየብቅዐን፣ እኳ ደኣ እቲ ሸውሃት ኣመና ርሒቡ። እቲ ሃነፍነፍ ኣብ ዝሽፍአ ደረጃኡ በጺሑ። ኣብ ዓለምና ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ዘይፈልጥ ቅልውላው ኣዕሪጉ ኣሎ፣ ርሑቕ ከይከድና ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዝተራእየ ወራርን ፖለቲካዊ ሽርሒታትን ኣመሪካ ኣብ ቬትናም። ኒካራግዋ። ጓቴማላ። ፓናማ። ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ። ወሽመጥ ዓረብ። ዒራቕን ካልእ እልቢ ዘይብሎም ሽርሒታትን ናይዚ ሃጸፍጸፍ'ዚ ህያው ምስክር'ዮም፣ የግዳስ ውጹዕ ህዝቢ ዓለም። መዋእሉ ግዳይ ዘይዓግብ ሸውሃት (ኣመሪካውያን) ርእሰ-ማላውያን ኮይኑ ክነብር ከምዘይኮነ። ካብ ሕጂ ንደሓር ከኣ ተሻረኽቲ እምበር መዝመዝቲ ጸጋታቱ ክጻወር ከምዘይኮነ። እቲ ዝኾስኰሰ ዘሎ ንቕሕትን ህልዊ ምዕባለታት ዓለምናን ይምስክር ኣሎ፣ ብኡ መጠን ድማ። ቅብጸተ-ተስፋ ገበትቲን መንዛዕቲን እናዓረገ ይኸይድ ከምዘሎኦ ምትእትታው ስርዓት ኣመሪካ ኣብ ዞባና - ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እምበኣር። መቐጸልታ ናይዚ ዘይዓግብ ሸውሃት ንምርዋይ ዝግብር ዘሎ ምዕልባጥ ኮይኑ። ንግጭት ዝዕድም ጠንቂታት ሃሰው ኢልካ። ኣህዛብ ንሓድሕዶም ኣባኢስካ ብምድኻምን ተማእዛዝነት ብምርግጋጽን ንምዝመዛን ምግባትን ዝምችእ ባይታ ምፍጣር'ዩ፣ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ,ታት ዓለምና ኪኽተሎ ዝጸንሐ ምስሌነታት ናይ ምዕሳብ ሜላ መሰረት ብምግባር። ኣብዚ ዞባ። ነዚ እከይ ዕላማ ከሳልጥ መጋበርያ ኪኸውን ዝሓረዮ ዕሱብ።እቲ ብህዝቡ ተፈንፊኑ። ኣፈፌት ናይ ታሪኽ ጓሓፍ ረጊጹ ተኅርቢሱ ዘሎ። ብራዕዲ ተዋሒጡ። ኣብ እግሪ ናይቶም “ካብ ሞት የገላግሉኒ'ዮም” ዝበሎም ወገናት ተደቢሩ ዝርከብ ስርዓት ወያነ'ዩ፣ ወያነ ብዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ ተዓሲቡ ንገዛእ ነብሱ ኣሕሲሩ። ክብረት ህዝቡን ሃገሩን ክሸይጥ። ኣንጻር ህዝብታት ዞብና ዝተኣልመ ውዲታትን ሽርሒታትን መበጻጽሒ ኮይኑ ከተግብር ዘውደኽድኸሉ ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎ፣ ከም ዝፍለጥ። እዚ ጸቢብ ጉጅለኣዊ ረብሓን ስምዒትን ከርዊ ፖለቲካዊ ውድብ ዝመስረተ ጉጅለ። ብዘይካ ሕነ ሕሉፍ ጭቆና ገዛእቲ ኢትዮጵያ ምፍዳይን ስልጣን ተጠቒምካ ሃብቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምዝራፍን። ካልእ ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘይብሉ ናይ ሽፋቱ ጭፍራ'ዩ፣ በዚ ድማ። ኣብ ምሉእ ፖለቲካዊ ታሪኹ። ዝኾነ ስኹን ፍልስፍናዊ ኣመለኻኽታን ንጹር መትከልን ዕላማን ከየቐመጠ። ከከም ኩነታቱ ዝገላበጥ በለጻዊ መርገጺን ማንታ ኣተሓሳስባን ሒዙ'ዩ ኪጕዓዝ ጸኒሑ፣ በትረ ስልጣን ምስ ጨበጠ። ተቐዳዲሙ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ምስ እንዕዘብ ከኣ። ነዚ ማንታን መደናገሪን ኣካይዳኡ ዝያዳ ዘጕልሕ ኮይኑ ንረኽቦ፣ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ከም ኣብነት ንመልከት።-ወያነ ንራስያ ክጥዕሞ ኣብ ዘርቀቖ ቅዋም ሃገረ ኢትዮጵያ።

“መሰል ርእሰ ውሳነ ብሄራት ክሳብ ምንጻል” ፍቐድ ኪኸውን ምውሳኑ። ካብቲ ኣብ ውሽጡ ዝደጎሎ ንሓድነት ኢትዮጵያ ዝጻረር ኣመለኻኽታኡ ዝመንጨወ ኮይኑ። ንግዜኡ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክምዝመዝ ዝኽእል ረብሓታት መንዚዕካ። ገለ ክፋል ኢትዮጵያ ሒዝካ ንምንጻል'ዩ ነይሩ፣ በቲ ፍሉጥ ናይ ምድንጋር ስልቱ ድማ። “ዝተወጽዑ ክፍልታት ሕብረተሰብ። ዝያዳ ክጕንዑ ኣለዎም” ዝብል ዓንቀጽ ኣብ ቅዋም ሃገር ኣጽዲቑ። ብላዕለዎት መራሕቲ ናይቲ ጉጅለ ዝመሓደራ ዓበይቲ ንግዳውን ቁጠባውን ትካላት መስሪቱ። ሃብቲ ኢትዮጵያ ኪጕሕጕሕ ጸኒሑ ኣሎ፣ ብስም ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ ምምሕዳር። ብሄራትን ቋንቋታትን መሰረት ገይሩ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምጕዝዛዩ። ናይ ብሄራት ፖለቲካ ኣተኣታትዩ ብዙሓት ሰልፊታት ኪጥፍጥፍ ምጕያዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሓድሕዱ ብዓሌታዊ ጽልኢ ተጠማሚቱ ከም ዘይተኣማመን ምግባሩ። ስምረት ህዝቢ ኢትዮጵያ በታቲኑ ጸቢብ ጉጅለኣዊ ረብሓኡን ቀጻልነት ስልጣኑን ንምውሓስ'ዩ ነይሩ፣ እንተኾነ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ነቲ ውዲት ነቒሑሉ። ንእከይ ዕላማ ወያነ ፎእ ስለዝበሎ። ዓሚ ግንቦት 2005 ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ። እቲ ጉጅለ ፖለቲካዊ ሕጋውነቱ ዘብቅዓሉ ኩነታት እዚ ብዓሌታዊ ስምዒታት ዝመንቀሊኡ ግጭታት ሃገር ኣሳዊሩ ስልጣኑ ንምውሓስ ከዕለብጥ ዝጸንሐ ዘርጊ ጉጅለ እምበኣር። በቶም ኣህዛብ ኣንቆራ ከፊሎም ክምዝምዙን ክግብቱን ሃነፍነፍ ኣብ ምባል ዝርከቡ ርእሰማላውያን ስርዓታት ኣውራ ድማ ብሃጺያዊት ኣመሪካ ንዕስቡነት ክሕረ ባህርያዊ'ዩ፣ ዕላማኦም ንምውቃዕ ኣብዚ ዞባ ከም መጋበርያ ከልዕልዎ ዝኽእሉ ካብኡ ዝኣረገ ብላይ ጨርቂ ስለዘየልቦ፣-! ብድሕሪ መጋረጃ ወራር ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሎ ሓቅታት።-ቀጥታዊ መግዛእቲ። ብርቱዕ

ተቓውሞ ናይ ግዙኣት ህዝብታት ዘኸተለሎም ዓብለልቲን ገበትቲን ሓይልታት ዓለምና። ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ዝሃንደስዎ ሜላ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ንዝጸንሑ ህዝብታት ስማዊ ናጽነት ሂብካ። ብኢድ ኣዙር። ማለት ብመገዲ ምኽሉኣት ምስሌነታት ባዕዲን "ልኡኻት ዳግመ- መግዛእቲ"ተባሂለን ዝፍለጣ ዝተፈላለየ ኣስማት ዝተጠመቓ ኣህጉራውያን። መግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ውድባትን ኣቢልካ። ቀጻልነት ምዝመዛን ራስይን ናይ ጸጋታት ምውሓስ'ዩ ነይሩ፣ ብሰንኪ'ዚ ሽርሒ'ዚ ድማ። ብዙሓት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ናጽነተን ካብ ዝጓናጸፋ ፍርቂ ዘመን ሓሊፉ'ኳ እንተሎ። ብዘይካ ሰንደቕ ዕላማ ምንብልብል። ንዜጋታተን ካብቲ ከርፋሕ ናይ እዋን መግዛእቲ ናብራ ዝሓይሸን ዝበልጽን ጥዑም ህይወት ክፈጥራሎም ኣይከኣላን፣ ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰላ። ምስ ምሉእ ዘይጕዱል ጸጋታተን። ንሰብኣዊ ክብረት ኣፍሪቃውያን ብዘሕሰረ ውርደት። መንዲል ትኳቦ ዘርጊሐን። ክሳብ ሕጂ ብምጽወታ ዝነብራ። ብዓሌታዊ ግጭታት ዝሕመሳ። ህዝበን ብሕማም። ጥሜት። ብልሽውናን ገበናትን ዝሳቐየለን ሃገራት ከም ኣብነት ምጥቃስ። ነቲ ድሕሪ ምዝርዛር መግዛእቲ። ብሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዘጋጠመ ዘሕዝን ኩነታት ዘጕልሕ'ዩ፣ እዛ ብባህርያዊ ሃብቲ እምብዛ ዝተዓደለት ኣፍሪቃ። ብሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ። ከምኡ'ውን ብስርቂን ዝምታን ምስሌነታት ባዕዲ ተመጽያ። ሕላገት ድሕረትን ድኽነትን ኮይና ምትራፋ እምብዛ ተስፋ ኣቑሪጽዎ ዝነበረ ሓደ ህቡብ ኣፍሪቃዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪን ፖለቲከኛን። ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ። ኣብ መፋርቕ 80ታት ኣብ'ቲ ህዝባዊ ግንባር ዝቈጻጸሮ ዝነበረ ሓራ ቦታታት ኤርትራ ድሕሪ ምብጽሑ። "መጻኢት ኣፍሪቃ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዓይነይ ርእየያ" ክብል ንኣፍሪቃውያን ኣርኣያ ዝኸውን። ብመትከል ርእሰ-ምርኰሳ ተመሪሑ ዝካየድ ሓያል ጻዕሪ ምዕዛቡ ገሊጹ ነይሩ፣ ብርግጽ ድማ። ኤርትራ። ልኡላውነታ ምስ ተጎናጸፈት። ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ብዝተፈልየ መልክዕ። ማለት ብፖለቲካዊ ናጽነት። ብሰብኣውን ሃገራውን ክብረት። ብርእሰ - ምርኰሳን ርእሰ-ተኣማንነትን እትፍለጥ፦ ዜጋታታ ካብ ምዝመዛ ሓራ ኮይኖም። ራህዋን ቅሳነትን ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋህው ዝነብሩላን ንህንጸት ሃገር ብልዑል ትግሃት ዝወናጨፉላን ብኣርኣያ እትጥቀስ ሃገር ክትከውን በቒዓ'ያ፣ ብኣንጻርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ኣፍሪቃ ልሒሙ ዝርከብ ዓሌታዊ ግጭት። ዓጸቦ። ድንቍርና። ብልሽውናን ካልእ ገበናትን። ኤርትራ ብውሑስን ዕዉትን መገዲ ክትጓዓዝ ምርኣይ ግን። ነቶም ጸጋታት ካልኦት እናመንዘዑ ብዘይጠስሞም ጸረር ክብሉ ዝደልዩ ወገናት ዘቕስን ኮይኑ ኣይተረኽበን፣ ሰብኣዊ ክብረትን ናጽነትን ዝመለለዩኡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘዐወተ ባህሊ። ንመስርሕ ህንጸት ሃገር ድልዱል መሰረት ኮይኑ። ኤርትራ ኣብ ሓጺር ናይ ናጽነት ዕድመኣ። ምስ ብዙሕ ግዳማዊ ተጻብኦታት። ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ። ብውሽጣዊ ዓቕማ። በሰላታት ኲናት ኣሕውያ። ንክኢላታት ቁጠባ ዘገረመ ዕብየት ምምዝጋባ፥ መንግስቲ ኤርትራ። ምእንቲ ግዝያዊ ጥቕሚን ፍታሕን። ሃገራዊ ዕላማኡን ፖለቲካዊ ናጽነቱን ክሸይጥ ቅሩብ ዘይምዃኑ፥ ምዕባለ ብሓገዝን ምጽወታን ከምዘይመጽእ ኣሚኑ። ብውሽጣዊ ዓቕሚ ህዝቡ። ካብቶም ተጻበይቲ ትኳቦ ብዝተዓጻጸፈ ናህሪ ህንጸት ሃገር ከቀላጥፍ ምብቅዑ፥ እዚ ሓያል መንፈስ ርእሰ - ምርኰሳን ሓራ ፖለቲካዊ መስመርን ኣብ ኣፍሪቃ እናደመቐ ዝኸይድ ሓድሽ ኩነት ከይፈጥር ስግኣት ስለዝወለደ ድማ። ብገበትቲን መዝመዝቲን ሓይልታት ከም "ሕማቕ ኣብነት ናይ ጽቡቕ ኣርኣያ" ክጥመት ግድን'ዩ ነይሩ፣ ብድኅማ ዘይኰነ ብመትከል ርእሰ-ምርኰሳ ኣብ ኤርትራ ዝተራእየ ቅልጡፍ ልምዓታዊ ግስጋሰ። ንኻልኦት ጽቡቕ ኣርኣያ ከይከውን ካብ ዝፈጠሮ ስክፍታን ሻቕሎትን ተበጊሶም ድማ'ዮም። ኅይቶት ዳግመ - መግዛእቲ። ነዚ ተስፋ'ዚ ብኣጋ ንምቝጻይ። ነቲ ብህዝቡ ኣመና ዝተፈንፈነ።

ኣብ ዞቦና ከም ኢደ- ቤዛ ከገልግል ዝሓረይዎ ብላይ ስርዓት ዓሲቦም። ፖለቲካዊ። ዲፕሎማሲያውን ወተሃደራውን ደገፍ ኣስኒቖም። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቅሉዕ ወራር ክፍጽም ዝደፍእዎ፣ ብዘይካ ስልጣን ተጠቒምካ ሃብቲ ህዝቢ ምዝራፍን ምርሳይን ካልእ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘይብሉ ጭፍራ ወያነ ድማ። ነቲ ብዓል ድምፁ ህዝቢ ኤርትራ ክሒዱ። ከም 'ፓፐት ሸው' ካብ ርሑቕ ብዝእዘዝ ገመድ እናተወሳወሰ። ተልእኾ ኅይቶቱ ንምፍጻም ተኸታታሊ መጠነ-ሰፊሕ ወራራት ኣካዪዱ፣ እንተኾነ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓዊን ዓረርን ኣይሰገደን፣ ሓይሊ ሕጋዊ ምጕቱ ድማ ብቐሊሉ ዝስገር ኮይኑ ኣይተረኽበን፣ በዚ ዝተሰናበዱ ኅይቶት ዳግመ-መግዛእቲ። ድሕሪ ብይን እውን እንተኾነ። ነቲ ዝጀሃሩሉ ኣህጉራዊ መትከላትን ሕግታትን ንሕስረት ኣቃሊያም። ትግባረ ውሳነ ኮሚሽን ዶብ ንምድንጓይ። ብኡ ኣቢሉ'ውን በልዩ ከም ዝድርበ ንምግባር። እናሻዕ ሕብሩ ዝቀያየር ባሉናት እናንሳፈፉን ሜላታት እናቐያየሩን ዝከኣሎም ይጽዕሩ ኣለዉ፣ እዚ ከይኣክል'ውን። ነዚ ኣብ ኤርትራ ዝተወልዐ ቀንዴል ተስፋ ንምቕሃም። በብዓይነቱ ናይ ጸለመ ዘመተ ብምክያድ። ፖለቲካዊ ሽግር ምፍጣር ዝዕላማኡ ሽርሒታት ብምውዳድ። ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎን ጸቕጢን ብምግባር። ረድኤታውን ልምዓታውን ደገፍ ብምንፋግ። ንኻልኦት መሻርኽቲ ልምዓት ብኣሉታ ብምጽላው። "ንኤርትራ ከዳኽም ይኽእል'ዩ" ዝበልዎ ኩሉ ዓይነት ዕንቅፋታት ንምፍጣር ከይተሓለሉ ጽዒሮም፣ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ግዜ ተፈቲኑ ንፍሽለት ዝተቓልዐ ሽርሒታትን ጸቕጢን። ከምኡ'ውን እቲ ብድሕሪ መጋረጃ ወራር ወያነ ዝተሓብአ ኣጀንዳ እምበኣር ካልእ ዘይኮነ። ዓሚቝ ሻቕሎትን ስንባደን ናይ'ቶም ኤርትራ ብጽቡቕ ኣብነት ኣርኣያ ከይትኸውን'ሞ ሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ ጉዱ ከይቅላዕ ዝሰግኡ ሓይልታት'ዩ፣ እቲ ብህዝቢ ኢትዮጵያ ተቐባልነት ስኢኑ ኣብ ከቢድ ስግኣት ህላወ ዝርከብ ስርዓት ወያነ ከኣ። ካብ ፍርዲ ህዝቢ ዘድሕንዎ መሲልዎ ኢደ - ቤዛ ኮይኑ ሎኸ-ሎኸ እንተበለ ዘገርም ኣይኮነን፣ እንተ ህዝቢ ኤርትራ። ዝሓለፈ ጕዕዞ ታሪኹ ደጋጊሙ ከም ዘረጋገጾ። ንኹሉ ዕንቅፋታት ሰጊሩ ኣብ ጽኑዕ ባይታ ረጊጹ። ዕላማኡ ካብ ምውቃዕ ዝዓግቶ ሓይሊ የልቦን፣ ይትረፍ ሎሚ ኣብ ገዛእ ማእገሩ ጸኒዑ ደው ኢሉ። ቀደም'ውን ንበይኑ ኣንጻር ሓያላት ኣብ ዝገጠመሉ እዋን ንማንም ብምንም ተኣምር ! እቲ ስዉር ጠንቂ ኩሉ መዳያዊ ውድቀት ኢትዮጵያ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ዘይውክል ቁንጣሮ ገፊል ዝበቖለ ክርዳድ ጉጅለ ወያነ። ብከቢድ መስዋእቲ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ተጸይሩ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ምስ ተቐመጠ። ብዘይካ ዝምታን ካብ ነብሰ-ምትሓት ዝብገስ ሕነ ሕሉፍ ጭቆና ገዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ምፍዳይ ተጻባኢ መንፈስን። ካልእ ፖለትካዊ ዕላማን ፕሮግራምን ስለዘይነበሮ። ነዚ ብብሄራዊ ይኹን ቀቢላዊ ውክልና እውን ክግለጽ ዘይክኣል ክሩህ ዕላማኡ ኪወቅዕ ዝተኸተሎ ሜላ። ደቂቕ ፍሩይ ንምዃን ምህቃን'ዩ ነይሩ፣ በዚ ድማ። ንኻልኦት ፍሩያት ዘዳቕቐሉ ፖለቲካ ክህንድስ ነይሩዎ፣ ወያነ። ንፍሩያት ኣናቝቱ ከዳቕቕ ዝመረጾ ፖለቲካ። ኣብ ሕብረተሰባት ዘሎ

ባህርያዊ ጋግ ኣጋፊሑ። ህዝብታት ንሓድሕዶም ዘናኽስ ድሑር ዓሌታዊ ፖለቲካ'ዩ፣ እዚ ዓይነት ጂሆኣዊ ፖለቲካ። ንረብሓ'ቶም ኣህዛብ ኣናቐኑቶም ቀጻልነት ምዝመዛን ምግባትን ከውሕሱ ኣብ ምዕልባጥ ዝርከቡ ሓይልታት ዓለምና ዘገልግል ኮይኑ ስለዝተረኽበ ድማ። ኣብ'ዚ ዞባ ካብ ጃንድ ወያነ ዝምሽምሽ ካልእ መጋበርያ ከምዘየሎ ተገምጊሙ ንዕሱብነት ተሓርዩ፣ ስለዚ ድማ። እቶም "መምህራን ናይ ደሞክራሲ ኢና" ዝብሉ። ብስም ደሞክራሲ ፍልልያት ኣሳዊሮም ክብለጹ ዝደልዩ ገበትቲ። ኣውራ ድማ ምምሕዳር ኣመርካ። ነቲ "ፈደራላዊ ምሕደራ" ዝተሰምየ ፍሩይ ደቒቕ ናይ ም኿ን ማኪያቨላዊ ፖለቲካ ወያነ። ኣብነቶም ከም ዝተኸተለ መሰል ህዝብታት ዘኽብር ዘመናውን ምዕቡልን ፖለትካ ኣምሲሎም ብምኾሕሓል። ነዚ ቅንጣብ ሓልዮት ህዝቢን ሃገርን ዘይብሉ ጭፍራ ተኸኣሉ ቈርበት ደሞክራሲ ከዲኖም። ንፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ብረት እናጨፍለቐ። ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንሓድሕዱ ኣናትሃናኾተ። ኣብ መንበረ ስልጣን ነዊሕ ክጸንሓሎም። ኩሉ ክምጥውዎ ዝኽእሉ ግንየን ጠበንጃን ከውሕዙሉ ተራእዮም፣ ከም ውጽኢት ናይዚ ብምዕራባውያ ሃገራት ኣውራ ድማ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝተአልመ ውዲት ድማ። ኢትዮጵያ። ኣብ ዘመነ ወያነ። ኣብ ምሉእ ታሪኻ ርእያቶ ብዘይትፈልጥ ቀጻሊ ናዕብታትን ዓሌታዊ ጎንጺታትን እናተሓመሰት። ህልቂትን ጭፍጨፋን መንእሰያት ደቃ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ኣሎ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከናቕኑት ብጎይቶት ድኽንት ዝተላእከ ወያነ። ኣዲስ ኣበባ ዝኣተወላ ቀዳመይቲ ዕለት። ደም ንጹሃት ብምፍሳስ'ዩ ዘመነ ስልጣኑ ፈሊሙ፣ ኣብዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ከኣ። ልዑል ድኅማ ከምኡ'ውን ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ጥብቅና እናተገብረሉ። ተቓውሞኦም ኣብ ልዕሊ ዘስምዑ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ ቅንጸላን ጭፍጨፋን። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝወልያ ዓሌትዊ ግጭታትን ብሰንኩ ዝሰዓበ ህልቂትን ተጸብጺቡ ዝውዳእ ኣይኮንን፣ ካብ 2000 ዓ.ም ንድሓር ጥራይ እኳ እንተተጸብጸበ። ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ "ዘይመረጽኩምኒ" ብዝብል ሰበብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሃድያ ዝፈጸሞ ቅንጸላ፤ ኣብ ግንቦት 2001 ኣብ ልዕሊ ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ዝፈጸሞ ኣስታት 70 ተማሃሮ ዝተቐትሉሉን ልዕሊ 300 ዝቘሰሉን ጭፍጨፋ፤ ኣብ ቤቺ ማጂ ዞን ዝወልያ ብኣማኢት ዝሃለቑሉ ዓሌታዊ ጎንጺ፤ ኣብ ልዕሊ ብሄረሰብ ኣኝዋክ ዝፈጸሞ ልዕሊ 400 ሰባት ዝተቐትሉሉ ግፍዒ፤ ኣብ ክልል ሶማል ከተማ ደግሃቡር ዝወልያ ዓለታዊ ግጭት፤ ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ኦሮሞን ሶማልን ዘሳወሮ ዓሌታዊ ረጽሚ፤ ርእሲ ከተማ ኦሮምያ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብምቕያሩ ተቓውሞኦም ኣብ ልዕሊ ዘስምዑ ተማሃሮ ተወለድቲ ኦሮሞ ዝፈጸሞ ቅትለት፤ ኣብ ድሬዳዋ ኣብ ልዕሊ ነጋዶ ተኹሲ ብምኽፉት ዝፈጸሞ ቅንጸላ፤ ኣብ ከተማ ሞያሌ ኣብ ልዕሊ መምህራንን ተማሃሮን ዝፈጸሞ ግፍዕን ማእሰርቲን፤ ውሑድ ኣብነታት ካብቲ ብዙሕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ ኣረሜናዊ ተግባራት'ዩ፣ ብተግባሩ ጸባ ዝሰተዩ ጎይቶቱ ድማ። "ዝሰልጠነ ሓይሊ ፖሊስ ስለዘይብሉ'ዩ" ዝብል ባጫ ኣሰንዮም። ተልእኾኡ ብዝሰፍሐ ንኽፍጽም። ዓቕሚ ኣሳ ዝብልዎ ክርካር ፈይ ኣቢሎምሉ'ዮም፣ እዚ ሓቅታት'ዚ። ጉጅለ ወያነ ናንዮት ሃገር ፋሕ ዝበሎ ዘይኢትዮጵያዊ መንግስቲ ምኻኑ'ዩ ዘርኢ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይባረኾ። ንሃገር ብዓሌት ዘናቕኑት ቅዋም ሓንጢጡ። ብግብረ-ሽበራ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታቱ እናድሃሽን ተቓውሞ እናቐንጸለን። ኣብ ኢትዮጵያ ንግዳማዊ ምዝመዛ ባይታ ከጣጥሕ። ብዞባ ደረጃ ድማ ብሃብቲን ህይወትን ህዝቡ እናተጣልዐ። ሰላም ጎረባብቲ ሃገራት ክዘርግ ጎይቶት ድኽነት ዘዋፈርዎ ምስሌነ ባዕዲ'ዩ፣ እዚ ረብሓ ግዳማውያን ሓይልታት ከውሕስ ዝተዓሰበ ስርዓት። ተልእኾኡ ንኽፍጽም።

ኣብ ዓመት ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር ገንዘባዊ ምጽወታን ሚልዮናት ቶናት እኽሊ ረድኤትን እናተዓንገለ ብጽዑቕ ክንክን ክሳለ ድሕሪ ምጽንሑ። መዋእሉ ተረጊጹ ዝሽይድ ህዝቢ ስለዘየለ። ዓሚ ግንቦት ብትእዛዝ ጎይቶቱ ንተኾብቱ ከደሳድስ ሽብን ጉብን ዘአንገዶ ናይ ቃልዓለም ምርጫ። ዕርቃኑ'ዩ ኣቃሊዕዎ፣ ድምጺ ህዝቢ ኪቕምዕ ዝገበሮ ሃቐነ ዘኸተሎ ሓያል ናዕቢ ድማ። ነታ ሃገር ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሽሚምዋ ይርከብ፣ በዚ ዝረዓደ ጃንዳ ወያነ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኢትዮጵያ ኣሽሓት ሰባት ዝተቐትሉሉን ብዓሰርተታት ኣሽሓት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተዳጎኑሉን ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቑ ሰልፈኛታት ሰፊሕን ዘስካሕክሕን ቅንጸላ'ዩ ፈጺሙ፣ እቲ ዘገርም ግን። እዚ ኣረሜናዊ ስርዓት። ግዝኣተ- ሕጊ ረጊጹ ብሓይሊ ኣብ ስልጣን ንምቕጻል። ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቐ ሰላማዊ ህዝቢ ዘካሕክሕ መትሪ ኣናፈጸመ፥ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኢትዮጵያውያን ድምጺ - ሓቂ ብምቅልሕም ጥራይ። ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጒኑ እናሳቐየ፥ እተን ረብሓ ርእሰማላዊ ዓለም ክትንከፍ እንከሎ እምብዛ ዝውጭጫ "ተጣበቕቲ መሰል- ኣዳም ኢና" ዝብላ ማዕከናት ዜና። ማሕበራትን ትካላትን ምዕራባዊ ዓለምን ዋናታተንን። ኣብ ተግባራት ናይ'ዚ ኾርኾር ስርዓት በጺሐን ቡጩቕ ኣይበላን፣ ወዮም "ተሓለቕቲ ደሞክራሲ ኢና" ዝብሉ መንግስታት። ብቐንዱ ምምሕዳር ኣመሪካ። ነዚ ዕርቃኑ ዝወጸ ስርዓት ጉልባብ ክረኽቡሉ። በቲ ልሙድ ድርብ ዝመለክዒታቱ ኣሰራርሓኦም። ናብ'ዚ ንመቓብር ዘምርሐ ሬሳ ትንፋስ ክሰኹዑ። ንተቓወምቲ ሰልፍታት ብሜላ ሓኽሊን ሓኸለን ማለት "ካሮት ኤንድ ስቲክ" ከልዘቡ። ንኽብረቶምን ክብረት እቲ ዝወራዘዩሉ ስነ-ሓሳብን ብዘሕስር መገዲ ካብ ጽዑቕ ክንክን ናብ ስርሒት ምድሓን ነብሲ ተሰጋጊሮም ይርከቡ፣ የግዳስ። ነዚ ብህዝቢ ዝተተፍአ ስርዓት። ድሕሪ ደጊም ብዝኾነ ፖለቲካዊ ሚክያጅ። ጸቕጢን ሽሕጣንን ካብ ዝኣተዎ ጉድጓድ ምውጽኡ ኮነ ኣመላኺዕካ ዕምሩ ምንዋሕ ዝከኣል ኣይኮነን፣ ፍርዲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ዚ ዕሱብ ስርዓት ድማ ኣብ ቀረባ ግዜ ከም ዝግሃድ ኣየጠራጥርን፣ ጽዕነት ትኳቦ እምብዛ ዝኸበዳ ሃገረ ኢትዮጵያ። ንነዊሕ መዋእል። ዜጋታታ ብሓዊ ዝልብለቡላ። ብሓለንጊ ስእነት ዝግረፉላ። መርኣያ ኩሉ መዳያዊ ውድቀት ክትከውን ዝኸኣለት እምበኣር። ከምዚ ዝተጠቕሰ ብቐንዱ ቀጻልነት ግዳማዊ ረብሓን ምጉሕጓሕ ጸጋታትን ንምርግጋጽ ብዝተሃንደሰ ሽርሒታት ምዕራባውያን ሃገራት ኣውራ ድማ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ'ዩ፣ ኣብ ዓለምና ብዙሓት ዓበይቲን ግኑናትን ስልጣነታት። ዝናኦም ካብ ጻት ንጻት መሬት ዘቃልሐ እምብራጦ ርያታትን ነገስታትን ተቐልቂሎም ድሕሪ ውሱን እዋን ክቕህሙ ተራእዮም'ዮም፣ ታሪኽ ስልጣነታት ግብጺ። ባቢሎን። ግሪኽ። ሮማን ካልኦትን እንተላይ እቶም ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ሰፊሕ እምብራጦርያ ንምምስራት ዝሃቀኑ ከም ናፖልዮንን ሂትለርን ዝኣመሰሉ መራሕቲ ከምዘረጋግጾ። ጠንቂ ውድቀት ናይ ኩሎም ሓደን ተመሳሳሊን'ዩ፣ ዘይዓግብ ሸውሃት ምስፍሕፋሕን ምግባትን ከምኡ'ውን ትዕቢትን ትምክሕትን ዘመንጨዎ ጠገለ - ኣልቦ ግህሰት- ሕጊ። እቲ ንኹሎም ስልጣነታት ናብ ውድቀት ዝሸ መመ ዓዘቕቲ'ዩ፣ ናይ ዘመንና ደርማስ እምብራጦርያ ኣመሪካ። ኣብ ኣጋ መወዳእታ መበል 18 ክፍለ- ዘመን ሓርነታዊ

ኲናት ኣካዪዳ ልኡላውነታ ኣብ ዘረጋገጸትሉ እዋን። ቀዳማይ ፕረዚደንት ኮይኑ ዝተመርጸ ጆርጅ ዋሺንግተ፥ "በዚ ዘካየድናዮ ሰውራ ካብ ዕንደራን ዕግርግርን ኤውሮጳ ነብስና ኣግሊልና ኣለና" ምባሉ ኣይርሳዕን፣ ብርግጽ ድማ ኣመሪካ። ኣብቲ ዝቐጸለ ልዕሊ ሓደ ዘመንን ፈረቓን። ካብቲ ንሃገራት ኤውሮጳ ዝሕምስ ዝነበረ ሓድሕዳዊ ግጭትን ወራራትን ብውሕዱ ካብ ርኡይ ምትእትታው ነብሳ ኣግሊላ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣተኲራ ብምስርሓ። ብስልጣነ ኣብ ዝበረኸ ኣርከን ክትድይብ በቒዓ'ያ፣ እንተኾነ። ሸውሃት ኣመሪካውያን ሰብ-ርእሰማል እምብዛ ምስ ርሓበ። ትዕቢትን ትምክሕትን ምሒር ምስ ሰርነቐ። ኣብ ምግሃጽ ጸጋታት ናይቲ ሰፊሕን ስቡሕን መሬት ኣመሪካ ጥራይ ክሕጸር ኣይከኣለን፣ ኣብ ኣጋ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ድማ። ገዚፍ ህርፋን ምዝመዛን ምግባትን ንኣመሪካ ኣብቲ ንብዙሓት ስልጣነታት ናብ ውድቀት ዝሸመመ ዓዘቕቲ ክትኣቱ ደሪኹዋ፣ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንሃገራት ኤውሮጳን ሩስያን ከቢድ ዕንወት ዘውረደለን ፍጻመ ብምንባሩ።

ኣመሪካ። ነዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒማ ዕብለላኣን ግብትንኣን ኣብ ዓለም ንምርጋጽ። ተቐዳ ዲማ ቅልጽማ ከተርኢ'ያ ተሃንዲዳ፣ ናይ ታሪኽ ተንተንቲ ከም ዝገልጽዎ። ኣመሪካ ንኻልኣይ ኲናት ዓለም ክትጽንበሮ እንከላ። ጀርመን። ኢጣልያን ጃፓንን ዝርከብኦን ሓይልታት ኣክሲስ ተዳኺመን በብተራ ኢደን ኣብ ምሃብ'የን ነይረን፣ በዚ ድማ። ኣመሪካ ኣብ ጃፓናውያን ከተማታት ሂሮሺማን ናጋሳኪን ኣቶሚክ ቦምብ ንኽትድርቢ ዝድርኻ ዋላ ሓንቲ ምኽንያት ከም ዘይነበረ ጸሓፍቲ ታሪኽ ይገልጹ፣ እንተኾነ። ትዕቢት ኣመና ዝሰርነቐም ኣመሪካውያን ሰብ-ርእሰማል። ነዚ ኣብ ናይ ቋሕ-ሰም ግዜ ኣማኢት ኣሽሓት ሰላማውያን ዜጋታት ጃፓን ዝቐዘፈ ዘይምኽኑይን ኣሰካሒን ህልቂት ደይ-መደይ ኢሎም። ደርማስ ቅልጽሞም ከሎ ገና ንህዝቢ ዓለም ከርእዩን ብዘርዕድ ታህዲድ ተማእዛዝነት ኣህዛብ ከረጋግጹን ከም ዝፈጸምዎ'ዩ ዝንገር፣ በዚ ንዓለም ዘሰክሐ ፍጻመ ዝጀመረ። ግብትናን ራስያን ንምውሓስ ዝዕላማኡ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ህዝብታትን ሃገራትን። ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ልሒሙ። ኣበየ ዞባኡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሕንፍሽፍሽ ፈጢሩ። ሓያል ተቓውሞ ኣህዛብ ኣኸቲሉ። ንዓለምና የቕለውልዋ ኣሎ፣ ጠንቂ ናይቲ ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ዝተኸስተ ኩነ ታት ንምርዳእ። እቲ ዝቐለለ መገዲ ነቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝወጸ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ምትንታን ጥራይ'ዩ ዝድለ፣ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ መቕድሙን ኣዋጁን ኣብ'ቲ ብዘይሕብእብእ። "ንሕና ልዕሊ ኹሉ። ባዶ ድምርን ቅድሚ ኹሉን ኩሉን ንዓና" ዝብል ሓሳብ ዘጉርር'ዩ፣ መቕድም ናይ'ቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፥ "ዝሑል ኲናት ሓንሳብን ንሓዋሩን ብዓወት ኣመሪካ ኣኽቲሙ ኣሎ፣ እዚ ዓወት'ዚ ድማ። ናትና መገዲ እቲ ዝበለጸ ጥራይ ዘይኮነስ። እቲ እንኮን ንሱ ጥራይን መገዲ ዓለም ምኻኑ ዘረጋግጽ'ዩ፣ ስለዚ። ንሕና ሞዴል ዓወት ናጽነትን ደሞክራሲን ኢና፣ ነዚ ተስፋ'ዚ ከኣ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ክነብጽሖ ኢና፣ ዕላማና ምእምራኽ ዓለም። ማለት ዓለም ኣመሪካናይዝድ ምግባራ'ዩ፣ ከም'ዚ ክንገብር ድማ። ነቲ ናይ ልዕለ-ሓያል ሓይልና ካልኦት ከየኀናድብዎ መዐገሲ ዝኸውን ልዑል ወተሃደራዊ ብቕዓት ክነረጋግጽ ይግባእ" ይብል፣ ነዚ መእተዊ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ዝብልዎ ብምንባብ ጥራይ። እቲ ብድዐን ኣመቱን ምግንዛብ ዝከኣል'ዩ፣ ኣመሪካ በዚ መንፈስ'ዚ ግብት ናኣን ዕብለላኣን ንምውሓስ ዝተኸተለቶ ጂኦ-ፖለቲካ። በቶም ነዚ ስነ-ሓሳብ ዘመንጨዉ 'ርእሰ ሃዋርያ ደሞክራሲን ናጽነትን' ዝብል ቅጽል ንምጥማቑ'ኳ እንተተሃቀነ። ካብ ኣበጋግሳኡ ክሳብ ሕጂ ዝተራእየ ተግባራት ኣመሪካ ግን። ነዚ ባዕላዊ ምስሊ'ዚ ዘፍሽል'ዩ፣ ኣመሪካ ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት። ንፈረንሳ ተኪኣ። ኣብ ቬትናም ዝኣተወቶ መንጠሊና ሕፍረት ዝተኸደነትሉ ፍሹል ኲናት። ድሌትን ምርጫን ህዝቢ ቬትናም ንምዕምጻጽ እምበር ደሞክራሲ ንምስፋን ከምዘይነበረ ካብ ህዝቢ ዓለም ዝተኸወለ ኣይኮነን፣ ንደሞክራሲ በቲ ንሶም ከቕርብዎ ዝብህጉ እማረ እውን ከም ውሁብ ወሲድና። ደሞክራሲ ማለት ምርጫ ህዝቢ ማለት ምኻኑ እንተወሲድናዮ። ኣመሪካ። ነቶም ብህዝቢ ዝተመርጹ ደሞክራስያውያን መንግስታት ኢራን። ቺለ። ጓቴማላ። ኒካራግዋ። ፓናማ። ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ። ወሽመጥ ዓረብን ሓያሎ ካልኦትን ብሓይሊ ካብ ስልጣን ምግላፋ ኢሕጋውነታ እምበር ደሞክራስያውነታ ዘረጋግጽ ታሪኽ ኣይኮነን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት። ንመስፍናውያን ስርዓታት ከምኡ'ውን ነቶም ንኣህዛብ ብኣንቆራ ፈጊኦም ዘናቖቱ መንግስታትን ግብረሽበራውያን ጉጅለታትን እናደገፈት ዝገበረቶ ምትእትታው። ንውጽኢት ምርጫ ብዓሎቐ ኣናጠምዘዘት። ስትራተጂያውን ቁጠባውን ረብሓታታ ንዘውሕሱ ምስሌነታት ባዕዲ እተልብሶ ሕጋውነት። ናይ ሞክራሲ መልክዕን ትሕዝቶን ዘይብሉ ፍሹል ታሪኽ'ዩ፣ እዚ ሓቂ'ዚ ነቲ ብግዳም ዘሎ ምስሊ ኣመሪካ ዝገልጽ ኮይኑ። እዛ ብደገ-ደገ ኀብለል ደሞክራሲ መሲላ። ብስም ደሞክራሲ ኣብ ልዕሊ ድሌት ህዝቢን ግዝኣተ-ሕግን ሓያል መጥቃዕቲ ኣብ ምፍጻም እትርከብ ደርማስ ሃገር።

ብውሽጣ'ውን ፍጹም ገጽ ናይ ደሞክራሲ ዘይብላ ሃገር'ያ፣ ደሞክራሲ ድሌት መላእ ህዝቢ ዝኽበረሉ ስርዓት እንተኾይኑ። ኣመሪካ። ኣብ ዓለምና ካብ ዝርከባ ሃገራት እታ ዝኸፍኣት ኢ-ደሞክራሲያዊት ሃገር'ያ፣ ናይ ኣመሪካ ደሞክራሲ ካብቲ መበቈል ናይ ደሞክራሲ ተባሂሉ ኣብ ታሪኽ ዝንገር ንላዕለዎት ቀጸላታት ጥራይ ዘገልግል፤ ኣብ ታሕቲ ድማ ጊላነት ዘርግእ ግሪኻዊ ደሞክራሲ እንተዘይከፊኡ ዝፈልዮ የብሉን፣ ምኽንያቱ። ልዕሊ 3/4 ኣመሪካውያን። ስልጣን ንምጭባጥ ኣብታ ሃገር ዝካየድ ምርጫ ኣይንታዮምን'ዩ፣ ካብ 1983-1998 ኣብ ዝነበረ ግዜ። ኣመሪካ ብጸጋታት ካልኦት ህዝብታት ኣብ ቁጠባኣ 42% ዕብየት ከም ዘርኣየት ጸብጻባት ዘመልክት'ኳ እንተኾነ። እቲ ሓቂ። እዚ ቁጠባዊ ዕብየት'ዚ ናይቶም 1% ናይ ህዝቢ ኣመሪካ'ውን ዘይኮኑ ውሑዳት ርእሰማላውያን እምበር። ኣብ መነባብሮ'ቲ ንመዓልቲ ልዕሊ 16 ሰዓታት እናሰርሐ ዝነብር ርሂጸ በላዕ ኣመሪካዊ ዝመጸ ለውጢ የለን፣ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ'ቲ ብኣመሪካውያን ዝተዓብለለ ክፍለ ሃገር ኒዩ-ኦርሊየን ዕልቕልቕ ምስ ኣጋጠመ። ነቲ ናይ ህንጸትን ምድሓን ነብስን ስራሓት። በተን ናይ ምኽትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ካምፓኒታት ጥራይ ክስራሕን መኽሰብ ክገሓጥን መታን። ካልኦት ሰባት ከድሕና ዝኽእላ ካምፓኒታት ሰባት ከድሕና ስለዘይተፈቕደለን ኣማኢት ጸለምቲ ኣመሪካውያን ግዳያት ምኳኖም እቲ ስርዓት ክሳብ ክንደይ ለኸመኛ ምኳኑ ዘርኢ'ዩ፣ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ። "ፍሹላት

ሃገራት" (ፈይልድ ስቴትስ) ዘርእስቱ መጽሓፍ ዘሕተመ ውይ ኣመሪካዊ ናይ ፖለቲካ ተንታኒ 'ናኦም ቾሚስኪ'። "ፍሹላት ሃገራት ዝበሃላ ከመይ ዝኣመሰላ'የን ?" ዝብል ሕቶ ብምቕራብ። "ፍሹላት ሃገራት። እተን ንዜጋታተን ጸጥታዊ ውሕስነት ከረጋግጻ ዘይክእላ፤ ኣብ ውሽጢ ሃገረንን ኣብ ወጻኢ'ን መሰል ናይ ህዝቢ ዘየውሕሳ፤ ብደሞክራስያዊ ኣገባብን ብግዝኣተ- ሕጊን ዝምእዘዙ ትካላት ዘይብለን ሃገራት'የን" ዝብል መልሲ ይህበሉ፣ ኩለን ሃገራት በዚ መምዘኒታት'ዚ ክምዘና እንተኾይነን ከኣ። "ኣመሪካ እታ ዝዓበየት ፍሽልቲ ሃገር ምዃና ኢያ" ይብል ቾምስኪ፣ ብርግጽ ድማ ኣመሪካ። ኣብ ውሽጣ ብዘይካ ንውሑዳት ሃብታማት ንካልኦት ዜጋታት ምድሪ ጊላነት ክትከውን እንከላ፤ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ብዝገበረቶ ምትእትታውን ብዝፈጸመቶ ዘስካሕክሕ ግፍዕን ድማ። ዜጋታታ ካብ ሃገሮም ኣብ ዝወጹሉ ግዜ። ብካልኦት ህዝብታት ተፈንፊኖም። ብራዕዲ ዝኣክል መሬት ኣትሪሮም ከም ዘይረግጹ'ያ ገይራቶም፣ ንዜጋታት ኣመሪካ ሰብኣዊ ሓልዮት ብዘይብሉ ኣገባብ ናብ ሓውሲ ማሽን ቀዪሩ። መሰረታዊ ናይ ጥዕናን ትምህርትን መሰላቶም'ኳ ዝነፈገ መዝማዚ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ሰብ-ርእሰማል ኣመሪካ። መሰል ካልኦት ህዝብታት ከውሕስ ድማ ትጽቢት ክግበረሉ ኣይክእልን፣ ተልእኾ ፖለቲካዊ። ወተሃደራውን ጸጥታውን ትካላት ኣመሪካ። ብዝኾነ ዋጋ። ቅድምን ልዕሊ ኹሉን ምርግጋጽ ቁጠባውን ስትራተጂያውን ረብሓታት ኣመሪካ እምበር። ምርግጋጽ ደሞክራሲን ግዝኣተ-ሕግን ከምዘይኮነ። ኣመሪካውያን ሰበ-ስልጣን ቅድሚ ሕጂ ብትዕቢት፤ ሕጂ ድማ ብሓውሲ ንስሓ ዝደጋግምዎ ዘለው ሓቂ'ዩ፣ ቾምስኪ። ሕጊ ኣልቦነት። ኣህጉራዊ ሕግታትን መትከላትን ምግሃስ ማለት እንተኾይኑ። "ኣመሪካ በዚ መምዘኒ'ዚ ናይ ሕጊ ኣልቦ- ሕጊ ኣልቦ ሃገር ኢያ" ክብል ይገልጽ፣ ኣመሪካ ንውዕል ጀነቫ ጥሒሳ። ኣብ ጓንታናሞን ኣብያተ ማእሰርቲ ዒራቕን ኣብ ልዕሊ እሱራት ዘርኣየቶ ህዝቢ ዓለም ዝሰክሓሉ ግዕዘይ ምፍጻማ፥ ንኻልኦት ብስም ምምዕባል ኣዕነውቲ ኣጽዋራት ኣመሪካ። ብሰንኪ ሓደገይና ፖሊስኡ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ስርዓት እናኸሰሰት ንባዕላ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓደስትን ዝያዳ ኣዕነውትን ኣጽዋራት እናኣማዕበለት። ነቲ ምምዕባል ኣዕነውቲ ኣጽዋራት ዝኽልክል ኣህጉራዊ ሕጊ ምጥሓሳ፥ ንወራር ዝቃወም ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምስትንዓቕ። ኣብ መጋቢት 2003 ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ቅሉዕ ወራር ምፍጻማ። ክሳብ ክንደይ ጽያፉ ዘይከተተት መርኣያ ሕጊ-ኣልቦነት ዝኾነት ሃገር ምዃና ዝሕብር'ዩ፣ ቅድሚ 1990 ካብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ዝበዝሐ ናይ ዩኒቨርስቲ ምሁር፤ ዝተሓተ መጠነ ሞት ህጻናት፤ 90% ጽሩይ ማይ ዝሰቲ ህዝቢ ዝነበራ ዒራቕ። ሎሚ ድሕሪ'ቲ "ንዓኣ ሓራ ከውጽእን ንጽቡቓን" ተባሂሉ ዝመጸ ጎበጣ ምምሕዳር ኣመሪካ። ግዳይ ናይ'ቲ ንረብሓ ምምሕዳሩ ቀዳምነት ዝህብ ሓድሽ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኣመሪካ ኮይና። 70% ካብ ህዝባ ናብ ስራሕ ኣልቦ ተቐዪሩ፤ መነባብሮኡ ማዕረ'ቲ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ሳልሳይ ዓለም ወሪዱ ይርከብ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 12 ናይ'ቲ ድሕሪ ወራር ዒራቕ ብኣመሪካ ዝተመዘዘ ኣመሪካዊ ኣመሓዳሪ ፖል ብረመር ዘውጽኦ "ብረመር ኦርደር" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንዒራቕ ዘመሓድር ባዕላዊ ሕጊ። ኩሉ ናብ ዒራቕ ዝኣቱን ዝወጽእን ኣቑሑ ካብ ክፍሊት ቀረጽን እታው ላይሰንስን ናጻ'ዩ፣ ዓንቀጽ 17 ናይቲ ሕጊ ድማ። ንኹሎም ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ናይ ወጻኢ ወተሃደራት እንተላይ ኮንትራክተራት። ካብ ተሓታትነት ሕጊ ዒራቕ ናጻ ዝገብሮም'ዩ፣ ሕጋዊ መምርሒ ቍጽሪ 40 ከኣ። ባንክታት ወጻኢ - ናይ ኣመሪካ ምዃነን'ዩ። ብሽርክነት ዘይኮነ ንባንክታት ዒራቕ 100% ብብሕቲ ክውንንኦ የፍቅድ፣ ሕጋዊ ምልክታ ቍጽሪ 39 እውን። ኩለን ትካላት መንግስቲ ዒራቕ ናብ ብሕታዊ ትካላት ኣመሪካ ክሽየጣ፤ እቲ ዝርከብ መኽሰብ ብዘይ ገደብ ግብሪ ከይከፈላ ንኣመሪካ ከስግርኦ፤ እዚ ውዕላት'ዚ ድማ ን40 ዓመታት ክጸንሕ የገድድ፣ በዚ ፖሊሲ'ዚ ድሮ ትካላት ዒራቕ ብኮርፖረሽናት ኣመሪካ ተገቢተን። ክኢላዊ ዓቕሚ ዒራቕ ሽቕለት- ኣልቦ ኮይኑ። ዒራቕ ካብ ፈልፋሊት ሕብስቲ ናብ ብገምጋም መዓልታዊ 40 ሰባት ዝቕዘፉላ ገሃነም ተቐዪራ ኣላ፣ ብስም ደሞክራሲ። ንደሞክራሲን መሰል ህዝብታትን ዘጥቅዕ። ንዜጋታት ኣመሪካን መላእ ህዝቢ ዓለምን ዝጉዕጽጽ ዘሎ። ደረት- ኣልቦ ስስዐን ናይ ምግባት ሸውሃትን ንምርዋይ ዝዕላማኡ ፖሊሲታት ኣመሪካ። ብቐንዱ ካብቲ "ጎይቶት ደቂ-ሰብ ንሕና ኢና፤ ኩሉ ንዓና ዋላ ሓንቲ'ኳ ንኻልኦት ህዝብታት" ዝብል ነውራም ኣተሓሳስባ ኣመሪካውያን ሰብ-ርእሰማል ዝብገስ ኢዩ፣ እንተኾነ። ትዕቢት ትቕድማ ንውድቀት ከምዝበሃል። እቲ ንኹሎም ስልጣነታትን እምብራጦርያታትን ናብ ውድቀት ዘምርሐ ረቋሒ ንሱ ብምዃኑ። ደርማስ እምብራጦርያ ኣመሪካ እውን። ብውሽጡ ቔንቍኑ ብግዳም ተፈንፊኑ። ከም ካልኦት እምብራጦርያታት ኣብ ክወጾ ዘይክእል ዓዘቕቲ ተሸሚሙ ይርከብ፣ ኣብ ዝሓለፈ ሓጺር እዋን ኣብ ሶማል ተኸሲት ዘሎ ምዕባለ። ናብ ምህናጽ ጥምርቲ ሃገረ-ሶማል። ብኡ ኣቢሉ ድማ ናብ ርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ገጹ መገዲ ከይጸርግ ከቢድ ሻቕሎት ሓዲርዎም ካብ ዝኀየዩ ዘለዉ ወገናት ብቐዳምነት ዝስራዕ ምምሕዳር ኣመሪካ'ዩ፣ ምምሕዳር ኣመሪካ ብኽንድኡ ዝኣክል ተገዳስነትን ከቢድ ወተሃደራዊ ምትእትታውን ህላወኡ ኣብዚ ዞባ'ዚ ከረጋግጽ ዝድርኾ ዘሎ ምኽንያት እንታይ'ዩ ? ብኸመይ? ስለምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ንምምላስ።

ነቲ ኣመሪካ ካብ መፋርቕ 80ታት ጀሚራ ኣብ'ዚ ዞባ'ዚ ብፍላይ ድማ ኣብ ሶማልዝተኸተለቶ ስትራተጂን እቲ ስረቱ ዘይምፍላጥ እምነቱ ሓይሊ ዝኾነ ፖሊሲኣ ዘስዓበላ ዘሕንኽ ውድቀትን ተመሊስካ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን፣ ካብ 70ታት ጀሚሩ 70% ፍርያት ነዳዲን 50% ነዳዲ ናይ ምጽራይ ዓቕሚ ዓለምና ብ6 ደርማሳት ኮርፖረሽናት ዝተገበተ ኮይኑ፥ 5 ካብተን ኮርፖረሽናት ብኣመሪካ። ሓንቲ ድማ ብብሪትሽ ፔትሮልዮምን ብሪቲሽ-ዳች ሮያልን ዝውነና። ካብኡ ናብኡ ድማ። ክልተ ካብተን ዝዓበያ ገበትቲ ዓለማዊ ነዳዲ ብናይ ኣመሪካ ፖለቲከኛታት ዝውነና ምዃነን (ንኣብነት ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ፎስተር ዳላስን ዳይረክተር ወኪል ስለላ ኣመሪካ ማለት ሲ.ኣይ.ኤ ዝነበረ ሓዉ ዝውንንዎ "ሱሊቫን ኢነድ ክሮምዌል" ዝተባህለ ናይ ነዳዲ ኮርፖረሽን ክጥቀስ ይከኣል) ጠንቂ ናይ'ቲ ክሳብ ሕጂ ንማእከላይ ምብራቕ ዝሕምስ ዘሎ ፖሊሲ ኣመሪካን ምህንዳድ ኣመሪካ ኣብ'ቲ ዞባን'ዩ፣ እቲ ስርዓት ክሳብ ክንደይ ንውልቀ-ሰባትን ብሕታዊ ግኖምን ዘገልል ምዃኑ ዘብርህ ጕሉሕ ኣብነት ድማ'ዩ፣ ወፍሪ ጸሊም ወርቂ ኣብ መወዳእታ 80ታት። መንግስቲ ኣመሪካ። "ዝሰዓረ ወገን ርኢኻ ንምኽሳብ" ብዝብል ሕሳብ። ኣብ ሰነ 1988። 3.4 ሚልዮን ዶላር ዘውጽእ ኣጽዋር ነቲ ሽዑ ፕረዚደንት ሶማል ዝነበረ ጀነራል ሲያድ ባረን ነቶም ሽዑ ኣንጻሩ ዝተበገሱ ጃንዳታት ኲናትን ብሓባር ድሕሪ ምምጣው ብዝተጥረ ምንጃት።

ሶማል ብውግእ ሓድሕድ ከም እተሓመሰት መዛግብቲ ታሪኽ ዝምስክርዎ ሓቂ'ዩ፣ ብ20 ለካቲት 1990። ሽዑ ርእሰ ሓፈሻዊ እዚ ሓይልታት ምክልኻል ኣመሪካ ዝነበረ ጀነራል ኖርማን ስዎርዝኮፍ ናብ ኮንግረስ ብዝቐረቦ ሕቶ መሰረት። ሶማላውያን ኣብ ነንሕድሕዶም ዝገብርዎ ምንቓትን ዘስዓቦ ሓደጋን ብዘየገድስ። እተን ምስ ፕረዚደንት ቡሽ - ገዲም ኣዝዩ ጥቡቕ ምትእስሳር ዝነበረን ኣብ መበቌላዊ ዓዲ ናይቲ ፕረዚደንት ዝመደበረን "ኮንኮ። ኣምኮ። ሸቭረን። ፌሊፒስ" ዝበሃላ ኮርፖረሽናት። 90% ናይቲ ካብ ሶማል ክወጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ነዳዲ ድሮ ተማሲሐን። ምስቲ ኣብ ቴክሳስ ዝመደበሩ "ሃንት ኦይል ኮርፖረሽን" ዝበሃል ኣብ ወሽመጥ ዓደንን ወሽመጥ ዓረብን ሓደ ቢልዮን በርሚል ነዳዲ ዝጉሕጉሕ ዝነበረ ትካላቱ ብምትእስሳር። ነቲ ትካል ናብ መዓምቑ ሶማል ክዝርጋሕ መደብ ሒዘን ምንባረን ይፍለጥ፣ ምምሕዳር ኣመሪካ። ኣብ ሃገረ- ሶማል ዝግበር ምትእትታው በይኑን ካልኦት ዘይቔጻጸርዎን መታን ኪኸውን። ኣብ ታሕሳስ 1991። ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ. ኣብ ሶማል ንዝተኸስተ ሕንፍሽፍሽ ከርግእ UNOSOM ዝተባህለ ልኡኽ ው.ሕ.ሃ. ናብ'ታ ሃገር ክኣቱ ንዝርቀቐ ብይን። መንግስቲ ኣመሪካ ብናይ ቀውፊ ድምጹ ኣውዲቑ። ብ23 ጥሪ 1992 ድማ ብናይ ሽዑ ኣቦ-መንበር ባይቶ ጸጥታ ኣምባሳደር ኬፐቨርደ ንዝቐረበ ተመሳሳሊ እማመ ደጊሙ ምንጻጉ ይዝከር፣ ስርሒት ምዕቃብ ተስፋ - ተልእኾ ምምጋብ ደቂ ሰብ ኣብ መጀመርታ 90ታት መንግስቲ ኣመሪካ። ምስቲ ን1ይ ወራር ዒራቕ ዝገብሮ ዝነበረ ምድላው ዝሳነ ሓድሽ ወተሃደራዊ መደበር ኣብ ስዑድያ ስለዝረኸበ። ነቲ ኣብ በርበራ (ሶማል) ዝነበረ መደበሩ ክርሕርሖ ምስ መደበ፤ ነቲ ባዕሉ ዘሐየሎ ጉጅለ ዘዳኸሙ። ተመሳሰልቲ ተጻይ ጉጅለታት ብምፍጣርን ብምዕጣቕን። ኣብ ሶማል ብድሕሪኡ ሳዕሪ ከምዘይበቍል ኣረጋጊጹ ክወጽእ'ዩ ወሲኑ፣ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሓለቓ ስታፍ ሰራዊት ኣመሪካ ዝነበረ ጀነራል ኮሊን ፓወል፥ "ዝኾነት ሃገር ከምቲ ንሕና እንውንኖ ሓይሊ የብላን፣ ክንዲ ዝኾነ። ኣብ ዝደለናዮ እዋንን ቦታን ዓለም በቲ እንደልዮ ምርጫ ክንምእዝና ይግባእ፣ ሓይልና ክንልእኽ እንተ'ኼንና ድማ። ንዕኡ ምኽኑይ ዝገብር ተልእኾ ክንረክብ ይግባእ" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ፣ ጎኒ ጎኒ'ቲ መንግስቲ ኣመሪካ ሶማል መንግስቲ-ኣልቦ ሃገር ኮይና ንሓድሕዱ ዝቃተል ህዝቢ ሒዛ ክትተርፍ ዝገብሮ ዝነበረ ጻዕሪ። ከም'ቲ ሽዑ ናይ ዩ.ኤስ. ማሪን ኣዛዚ ዝነበረ ብርጋዴር ጀነራል ፍራንክ ሊቡቲ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዝተናሰሖ፥ ንረብሓ'ተን ምስ ቡሽ ናይ ቀረባ ምትእስሳር ዘለወን ትካላት ነዳዲ ንምሕላው። "ምዕቃብ ተስፋ" ዝስርሒቱ "ምምጋብ ጥሙያት ሶማላውያን" ብዝተልእኾኡ ወፍሪ። 30,000 ወተሃደራት ዝሓዘ ሰራዊት ኣመሪካ ናብ ሶማል ከምዝተላእከ ዝፍለጥ'ዩ፣ እዚ "Shoot If you Feel threatened - Respond With Full Force" ማለት ኩነት - ሓደጋ ኣብ ዝተሰማዓካ ቅተል፤ መልሰ - ተግባር ኣብ እትህበሉ እዋን ድማ ብምሉእ ሓይልኻ ይኹን ዝብል መርሓ ዝተዋህቦ ሰራዊት። ኣብ ፈለማ እግሩ ኣብ መስከረም 1991 ኣብ ሓደ እዋን ብናይ ሄሊኮፕተር ረሻሽ ዝቐተሎም 100 ሶማላውያን ከይወሰኽካ። ኣብ ውሽጢ 5 ኣዋርሕ ክሳብ 10,000 በርጌስ ሶማላውያን ምቕዛፉ። ባዕሎም ሓለፍቲ CIA ኣብ'ቲ ብ8 ታሕሳስ 1995 ብቻርለስ ዊልያምስ ዝወጸ ናይ ጉዳያት ወጻኢ ፖሊሲ ሕታም ቍ.68 ተኣሚኖምሉ'ዮም፣ ኮይኑ ድማ። ምምሕዳር ኣመሪካ። በቲ ንባህልታትን ኣቃውማን ሕብረተሰብ ከይተገንዘብካን ከየኽበርካን። ኩሉ ብሓይሊን ብናተይ መገዲን ኣብ ዝብል ሰረተ-እምነት ተሞርኲሱ። ኣብ ሶማል ዝኣተወ ሓይሊ።-

1. ኣብ ሃገረ-ሶማል እንተላይ ኣብቲ ዝሓሸ ዝበሃል ዝነበረ ከባቢታት ሰሜን ሶማል ተወሳኺ ዕንወትን ሕንፍሽፍሽን ብምእታው፤ 2. ቅዝፈት ኣእላፍ ሰባት ብእኩብ ዘኽትል ሕማምን ጥሜትን ብምኽታል፤ 3. ሞት ብዙሓት ሰራሕተኛታት ዘይመንግስ ታውያን ትካላት ከምኡ'ውን 18 ረንጀርስን 34 ስሩዓት ወተሃደራትን ኣመሪካ። እንተላይ እቲ ብድሕሪ ሞቱ ኣብ ጐደናታት ሞቓዲሾ ብገመድ ዝተጎተተ ሬሳ ብምስዓብ። ውርደትን ሕስረትን ተጎልቢቡ ክወጽእ'ዩ ተገዲዱ፣ ጽውጽዋይ ሆሊውድ ብመንጽር ሓቂ እቲ ኣብ ቬትናም ኣማኢት ኣሽሓት ሰላማውያ ንዝቐተለ ወራር ኣመሪካ ከም ሃዋርያ ሰላም፤ ብውርደት ንዝተሳዕረ ሰራዊት ኣመሪካ ድማ ብራምቦ ወኪሉ። ሓደ ወተሃደር ኣመሪካ ክንዲ 10,000 ናይ ካልእ ሃገር ወተሃደር ጌሩ ዘቕርብ። ብፋንታዝያ ኣእምሮ ሰባት ከደንቍር ዝህቅን ብሲ.ኣይ.ኤ ዝምእከል ትካል ሆሊውን። ኣብታ "ብላክ ሆክ" ዘርእስታ ፊልሙ። ስርሒት ኣመሪካ ኣብ ሶማል ነቲ ጠምዩ ዝነበረ ህዝቢ ሶማል እኽሊ ከኹልስ ዝዓለመ ከም ዝነበረ'ሞ እቲ ንዘኹለሰቶ ኢድ ዝነክስ ህዝቢ ሶማል ግን። ኣብ ክንዲ "እሺ" ኢሉ ዝተዋህቦ ዝቕበል። ነቲ ዝተመጠወሉ ህያብ-ፈረስ ኣስናኑ ቀሊዑ ክርኢ ስለዝተደናደነ። መንግስቲ ኣመሪካ ዝርድኦ ስኢኑ ኮርዩ ካብ ሶማል ክወጽእ ከምእተገደደ ጌሩ'ዩ ከረዳኣና ወይ ልክዕ ንምኻን ኣእምሮና ኪጎድኣና ዝሃቀነ፣ ድሕሪ 15 ዓመት ሎሚ። ቈልዓ ተወሊዱ። ታትዩ። መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ ወዲኡ ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዘእቱ 15 ዓመታት ሓሊፉ ከብቅዕ። ምምሕዳር ኣመሪካ ኣይታተየን። ኣይበሰለን። ኣይለበመን፣ ስለዚ ድማ። ነቲ ኣብ 90ታት ብስም ስርሒት "ምዕቃብ - ተስፋ" ዝፈጸሞ በደልን ዘጋጠሞ ሕስረትን። ሕጂ ኣብ 2006 ብስም "ምምሓው ግብረሽበራ"። ኣብ ሓበሬታን ማልዶትን ዕሱባት ተመርኲሱ ንምድጋም። ኣብ ካልእ ሓደገኛ ዓዘቕቲ ክሸሞ ናብ ዝኽእል ወተሃደራዊ ምትእትታው የምርሕ ኣሎ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጀሚሩ ዘሎ ጠቃኒ ዘመተ ድማ። ቅድመ- ባይታ ናይ'ዚ ምትእትታው'ዚ'ዩ፣ ብ29 ሰነ 2006 ሓንቲ ኣመሪካዊት እመቤት ንኮሚቴ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፥ "ካብ ስዑድያን የመንን ኤርትራን ናብ ሶማል ኣጽዋርን ገንዘብን ይውሕዝ ምህላዉ እፈልጥ'የ" ክትብል ምግላጻ። ሕጂ'ውን ኤርትራ ፖለቲካዊት ገንሸል ናይቲ ዘይምኽኑይ ምትእትታው ንምኻን ከምእተመርጸት ካብ ምሕባር ዝሓልፍ ካልእ ትርጉም ዝወሃቦ መግለጺ ኣይኮነን፣ ክትበልያ ንዝደለኻ ኣባጉንባሕ ግብረሽበራ በሎ ! ሶማላውያን ኣሕዋት ባዕሎም ይገልጽዎ ከምዝለዉ። ንመግለጺታት ናይዚ ቅነዚ ዝኸፍአ ዝገብሮ ረጃሒ። ንእማረ ግብረሽበራን ምምሓው ግብረሽበራን ብእግሪ ኣያ-ዑቕባይ ዘርከበ ይዘያየደሉ ምህላዉ'ዩ፣ እዚ ክትበልያ ንዝደለኻ ኣባጉንባሕ "ግብረሽበራዊ" ምባል ሓድሽ ቅኒት ኮይኑሉ ዘሎ እዋን። እቲ ሶማላውያን ባዕሎም ቀዳማይ ኣባይ ህዝቢ ሶማል ዝብልዎ ስርዓት ወያነ ከይተረፈ። ዶብ ሶማል ጥሒሱ። ኣማኢት ዝቍጸሩ ወተሃደራቱ ኣዋፊሩ። መሬት ሶማል ተቔጻጺሩ ምህላዉ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ። ያኢ ሶማል "ንግብረሽበራውያን መዋፈሪት ክትከውን ተኽእሎ ዘለዋ ሃገር" ስለዝኾነት ተባሂሉስ። ነዚ ቅሉዕ ወራር ከመኽንዩሉ ይስምዑ ኣለዉ፣ እቲ ፍታሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1991 መሬት ብጊሓቱ። ኣብ ሶማል ዝግበር ወተሃደራዊ ምትእትታው ምኽኑይ ከምዘይኮነ፤ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝግበር ዝነበረ ምትእትታው ድማ ዕንወት እምበር ፋይዳ ክርከቦ ከምዘይክእል። ብወግዒ

ንምምሕዳር ኣመሪካ ኣጻዕድዩ ሓቢሩዎም ከምዝነበረ ዝዝከር ኮይኑ፤ ሕጂ ድሕሪ 15 ዓመታት'ውን እንተኾነ። ታሪኽ ብገዛእ ርእሱ'ዩ ዝድገም ዘሎ፣ ዝሓለፉ 15 ዓመታት። ሶማላውያን ኣሕዋት ነንሓድሕዶም ክናቖቱን ኣብ ዘይጥምርቲ መንግስቲ-ኣልቦ ሃገር ህዝቢ ሶማል ብስቓይ ክነብሩ ምፍራዶም። ብዘይካ ንከም ወያነ ዝኣመሰሉ ብጓህሪ ሶማል ዝስሕኑ። ንሕልና ማንም ሰብ ዘቐስን ኣይነበረን፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ 15 ዓመታት ዝወሰዶም ስጉምቲታትን ዝነበሮ ኣረኣእያን ሓደን ጽኑዕን'ዩ፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ድማ ክጠቓለል ይኽእል።- 1. ምትፍናንን ምብልካንን ማለት ባልካናይዘሽን ሕብረተሰብ ሶማል፤ ምብሕጓግ ልኡላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል፤ ንኣሕዋት ሶማላውያን ይኹን ዞባና ሰላምን ምርግጋእን ዝነፍግ ስለዝኾነ። ኩሎም ሓይልታት ዞባናን ዓለምን ብሓፈሻ። ኣሕዋት ሶማላውያን ድማ ብፍላይ ናብ ሃገራዊ ዕርቂ ዘምርሕ ስጉምቲታት ክወስዱ፥ 2. ዝተፈላለዩ ሓይልታት። ኣብ ነንሕድሕዶ ዘሎ ጸገማት ከም መዋገዪ ብምግባር። ብመገዲ ኣብ ሶማል ዘለዉ ሓይልታትን ጃንዳታትን ናይ ውክልና ኲናት (ፕሮክሲ ዎር) ካብ ምክያድ ክቕጠቡን ንኣሕዋት ሶማላውያን ከም መጋበርያ ካብ ምጥቃም ደው ክብሉን፥ 3. ከም በዓል ኢትዮጵያ ዝኣመሰላ ምስ ህዝቢ ሶማል ታሪኻዊ ጽልኢ ዘለወን ሃገራት። ንጸቢብ ረብሓታተን ክብላ ኣብ ሶማል ተፈጢሩ ዘሎ ቅንቅንን ተጻብኦን ኣብ ክንዲ ዘጕሃህራ፤ ዘይምርግጋእን ዕግርግርን ሶማል ኣብ ዞባና ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ተገንዚበን ኣመለኻኽታአን ክርሕባ፥ 4. እቲ ዝበለጸን ናይ መወዳእታን ፍታሕ። ጉዳይ ሶማል ናይ ሶማላውያን ጥራይ ምዃኑ ተኣሚኑሉ ኣብ ኢድ ኣሕዋት ሶማላውያን ክውዳእ፤ ካልኦት ክሕግዙ ዝደልዩ ወገናት እንተልዮም። ኢጋድ ይኹን ሕብረት ኣፍሪቃ። ጥምርቲ ሃገረ-ሶማል ንዘምጽእ ፍታሕ ባይታ ዘጣጥሕ ሃዋህው ኪፈጥሩ እምበር። መተካእታን ልዕልን እቶም ሰብ ጉዳይ ኮይኖም ባህግታቶም ብድፍኢትን ጸቕጥን ከተግብሩ ከምዘይግባእ'ዩ እምነት መንግስቲ ኤርትራ፣ ካብዚ ሃናጺ ተበግሶዚ ወጻኢ ነገራት። ብንእሽቶ ፍልጠትን ገዚፍ ሓይልን ክትፈትሕ ጥራይ ምፍታን። ተመኲሮ ናይቲ ተስፋ ዘይዓቀበ "ስርሒት ምዕቃብ-ተስፋ 1991" ክምህረና ይግባእ፣ ካብ ታሪኽን ግዜን ዝዓቢ መምህር ስለዘየልቦ፣ ኣመሪካ። ካብ ታሪኽን ግዜን ዝዓቢ መምህር ከምዘየልቦ ክትግንዘብ ይግባእ !

## ወያነ። ንዕሱብነት ዝተላዕለ ብላይ ጨርቂ 4ይን መወዳእታን ክፉል !

ብድሕሪ ጉልባብ ዘሎ ሓቀኛ ኣጀንዳ ኣመሪካ ኣብዚ ቀረባ ግዜ። ኣብ ስማል ምስ ዝመጸ ምዕባለታት ተ ኣ ሳ ሲ ሩ ። ምምሕዳር ኣመሪካ ብመገዲ ዕሱብ ወያነ ኣብ'ታ ሃገር ኪገብሮ ዝህቅን ዘሎ ገዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው። ነቲ ኣመሪካ ካብ መፋርቕ 70ታት ክሳብ 1991። ፈለማ ንውልቀ - መላኺ ስርዓት ስያድ ባረ። ድሕሪኡ ድማ ንስያድባረን መራሕቲ ዝተፈላለዩ ጃንዳታትን እናድገፈትን እናመወለትን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሶማል ዝፈጸመቶ ይቕረ ዘይብሃሎ ታሪኻዊ በደል ዝደግም። ሓደ ካብ መርኣያታት ናይቲ ብስም ምምሓው ግብረሽበራን ዓለማዊ ስግኣትን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ድሌትን ምርጫን ህዝቢታት ንምጕዕጻጽ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሓደገኛ ፖሊሲታት ኣመሪካ'ዩ፣ ታሪኻዊ ጭብጥታት ከምዘረጋግጾ። እዛ ብሓደ ብሄርን ስዓቢ ሓደ እምነትን ዝቔመት እንኮ ኣፍሪቃዊት ሃገር ሶማል። ኣብዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት መንግስቲ - ኣልቦ ሃገር ኮይና። ካብተን ብዙሓዊ ኣቃውማ ዘለወን ሃገራት ንላዕሊ። ህዝባ ግዳይ ዓለታውን እንዳውን ግጭታትን ህልቂትን ኪኸውን ዝኸኣለ። ብሰንኪ'ቲ ረብሓ ርእሰ-ሓያላን ጥራይ ንምውሓስ ዝዕላማኡ። ካብ ግዜ ዝሑል ኲናት ጀሚሩ ኣብታ ሃገር ዝግበር ዝነበረ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት'ዩ፣ ኣብ ፈለማ 70ታት። ሕብረትሶቬት ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታታ ንምርግጋጽ። ኣብ'ዛ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝነውሐ ገምግም ባሕሪ እትውንን ሶማልያ ወተሃደራዊ መደበር ምምስራታ ዝፍለጥ'ዩ፣ ኣብ 1974። ስርዓት ሃይለስላሰ ብስርዓት ደርግ ምስ ተተክአ ግን። ሕብረት ሶቭየት ብሃንደበት ንሶማል ጠንጢና ምስ ኢትዮጵያ ወጊናን ንስርዓት ደርግ ኣዕጢቓን ንህዝቢ ሶማል ንመጥቃዕቲ ኢትዮጵያ ኣሕሊፉ'ያ ሂባቶ፣ ኣመሪካ ድማ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቒማ።

ናይ ማእከላይ ምብራቕ ረብሓታታ ንምሕላው ክጥዕማን ንቦታኣ ተኪኣ ኣብ ሶማል ንዝነበረ ወተሃደራዊ መደበር ሕብረትሶቭየት ከምዝወረሰቶ ይፍለጥ፣ ኣመሪካ ኣብ ሶማል ዝኣተወትሉ ግዜ። ህዝቢ ሶማል። ነቲ ኣደዳ ድሕረትን ድኽነትን ዝገበሮ ምልካዊ ኣገዛዝኣ ስያድ ባረ ኣትሪሩ እናተቓወመ። ፍትሒን ኣሳታፊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ዝጠልበሉ ዝነበረ ግዜ'ዩ፣ በዚ ድማ። ስያድ ባረ ዕምሪ ስልጣኑ ንምንዋሕ። ብሜላ ከፋፊልካ ግዛእ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ብብሄርን እምነትን ሓደ ዝኾነ ህዝቢ። ደቀቕቲ ፍልልያት እናሳወረ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ እንዳታት ምትፍናንን ግጭትን ፈጢሩ። ንዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ሶማል። ፖለቲካዊ። ቁጠባውን ማሕበርውን መሰላቱ ሓሪሙ። ሕቶ ህዝቢ ሶማል ንምድቋስ ዝረባረበሉ ዝነበረ ግዜ'ዩ፣ ረብሓታቱ እምበር ረብሓ ህዝቢ ዘይዓጦ ምምሕዳር ኣመሪካ ከኣ። ብዋጋ ስቓይ ህዝቢ ሶማል ዕምሪ ስያድ ባረ ንምንዋሕ። ዓመታዊ ልዕሊ 50 ሚልዮን ዶላር ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ናብ ሶማል የግዕዝ ምንባሩ ናይ ሽው ጸብጻባት የመልክቱ፣ ምምሕዳርኣመሪካ ጸኒሑ። እዚ ሓገዝ'ዚ ነቲ ተቓውሞ ክዓግቶ ከምዘይክኣል ስለዝተገንዘበ። "ዝሰዓረ ንምኽሳብ" ብዝብል ተንኰል። ንመንግስቲ ስያድ ባረን ተቓወምቱን ኣሕቢሩ ብኣማኢት ሚልዮናት ዝትመን ሓገዛትን ኣጽዋራትን እናስነቐ። ነቲ ኣብ መወዳእታ ጠንቂ ምብትታን ሶማል ዝኾነ ምትፍናን ዝያዳ ነዳዲ ክኸስክሰሉ'ዩ ተራእዩ፣ ኣብ 1980ታት። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ኣፍሪቃን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን።

ኣመሪካ ኣብ ሶማል ትኽተሎ ዘላ ሜላ። ንቐጻሊ ኣብ'ታ ሃገር ከቢድ ሕንፍሽፍሽ ከስዕብ ዕቑር ተኽእሎ ከምዘለዎ ብምሕባር። ንምምሕዳር ኣመሪካ ኣትሪሮም ይነቕፉ ምንባሮም መዛግብቲ ታሪኽ ይገልጹ፣ እንተኾነ። ኣመሪካ ነቲ ነቐፌታን ምሕጽንታን እዝኒ ኣይሃበቶን፣ ኣብ 1991። ንቀዳማይ ወራር ዒራቕ ክትዳሎ ወተሃደራዊ ሓይላ ካብ ሶማል ናብ ስዑዲ ምስ ኣግዓዘት ድማ። ስያድ ባረ። ከም ውጽኢት ኣቐዲሙ ዝዘርኦ ዓሌታዊ ምትፍናን ብዕልዋ ካብ ስልጣን ተገሊፉ፤ ኣብ'ታ ሃገር ናይ ስልጣን ሃጓፍ ተፈጢሩ፤ ከምቲ ተንተንቲ ፖለቲካ ኣፍሪቃ ኣቐዲሞም ዝተነበይዎ። ሶማል መንግስቲ ኣልቦ ሃገር ኮይና ብኡ ንብኡ ተበታቲና። ጎይቶት ውግእ። ጃንዳታቶም ኣሰሊፎም ንሓድሕዶም ዝቀታተሉላ ሲኦል ተቐዪራ፣ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ። ኣብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣቦ-መንበር ንኡስ ኮሚተ ኣፍሪቃ ዝነበረ ኣመሪካዊ በዓል

ስልጣን ሃዋርድ ዎልፐ፥ “ኣብ ሶማል ንርእዮ ዘለና ዘስካሕክሕ ህልቂት። ምህርቲ ናይ’ቲ ባዕልና ዝኾስኰስናዮ ዘርኢ እምበር ካልእ ኣይኮነን” ክብል ተኣሚኑ ነይሩ፣ በደላት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሶማል በዚ’ውን ኣየብቅዐን፣ ብስም “ምዕቃብ ተስፋ” ኣብ 1992 ናብ ሶማል ዝተዋፈረ ልዕሊ 30,000 ሰራዊት ኣመሪካ’ውን። ብኣንጻር’ቲ ዝተለፍለፈሉ ናይ ሰናይ ተልእኾ ኣዋጅ። ሰላማዊ ህዝቢ ኣበሳቢሱ፤ ነቲ ሕንፍሽፍሽ ኣጋዲዱ፤ ንባዕሉ ተዋሪዱ ብፍሽለት ካብ’ታ ሃገር ክለቅቕ’ዩ ተገዲዱ፣ በቲ ሽዑ ዘጋጠሞም ሓያል ተቓውሞ ናይ ሶማላውያን ዘስካሕክሑ ኣመሪካውያን ወተሃደራት። “ዝሓለፈሉ ሶማላዊ እንተሎ። እቲ ዝሞተ ሶማላዊ ጥራይ’ዩ” ዝበሉሉ ግዜ ድማ’ዩ ነይሩ፣ ምምሕዳር ኣመሪካ ድሕሪ’ዚ ዘሕንኽ ፍሽለት’ዚ’ውን እንተኾነ ኢዱን እግሩን ኣይኣከበን፣ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ከኣ። ንሶማል ናብ ፍጹም ተስፋ ዘይብላ ሃገር ኪቕይር። “ሚዛን ሓይሊ ብምሕላው ሰላም ንምዕቃብ” ብዝብል ስግንጢር ሞጎተ። ናብ ኩሎም ጃንዳታት ኲናት ሶማል በብኾርናዩ። ኣጽዋርን ሓገዝን ከውሕዝ ምጽንሑ። ሰበስልጣን ኣመሪካ ባዕላቶም ዝተኣመኑሉ ሓቂ’ዩ፣ ግዳይ ናይዚ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝቐጸለ ሽርሒታትን ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት ዝኾነ ህዝቢ ሶማል። ሎሚ ድሕሪ’ዚ ኹሉ ዘስካሕክሕ ናይ ህልቂትን ዕንወትን ነዊሕ ተመኩሮ ከምኡ’ውን ኣሉታዊ ተራ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣውራ ድማ ምምሕዳር ኣመሪካ። ናብ ምህናጽ ጥምርቲ ሃገር ሶማል ዘምርሕ ባዕላዊ ማለት ሶማላዊ ፍታሕ ኣብ ዘንቀለሉ እዋን። ኣብ ምምሕዳር ኣመሪካ ከቢድ ስንባደ ምፍጣሩ እምበኣር ዘገርም ኣይኮነን፣ በዚ ምዕባለ’ዚ ተስፋ ዝቜረጸ ምምሕዳር ኣመሪካ። ብዘይ ዝኾነ መጽናዕቲ። ጭብጢን መርትዖን። ነቲ መብዛሕትኡ ከባቢታት ደቡብ ሶማልን ከተማ ሞቓድሾን ተቘጻጺሩ ዝርከብ። ብመጠኑ ካብ ካልኦት መራሕቲ ጃንዳታት ዝሓሸ ደገፍ ህዝቢ ረኺቡ ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ “እስላማዊ መጋብኣያታት ፍትሒ”። “ግብረሽበራዊ ጉጅለ” ኢሉ ብምኽሳስ። ብስም ምምሓው ግብረ-ሽበራ። ብመገዲ’ቲ ንዕሱብነት ዝሓረየ ጉጅለ ወያነ ኣብ’ታ ሃገር ገዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ብምግባር። ዝሓለፈ ጌጋታትን በደላትን ክደግም ይጓየ ኣሎ፣ ገለ ካብቶም ነቲ ኣብ ሶማል ዝጸንሐ ሕንፍሽፍሽ ከምዘለዎ ዓቂብካ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝያዳ ንምሕማስ ኪግበር ዝህቀን ዘሎ ዘይምኽኑይ ወተሃደራዊ ምትእትታው ርትዓዊ ንምምሳል ዝቐርቡ ዘለዉ ምኽንያታት። እዞም ዝስዕቡ ኣሰር ናይ ጭብጢን ክውንነትን ዘይብሎም ሃለውለዋት’ዮም፣

1. “ንኸተማ ሞቓድሾ ተቘጻጺሩ ዝርከብ ሕይሊ። ምስ ጉጅለ ኣልቓዒዳ ርክብ ዘለዎ ግብረሽበራዊ’ዩ” ይብሉ ሰበስልጣን ኣመሪካ፣ እዚ ክሲ’ዚ። ዝኾነ መርትዖ የብሉን ጥራይ ዘይኮነ። ደይ-መደይ ኢልካ ንህዝቢ ዓለም ንምድንጋርን ነቲ ክውሰድ ዝሕሰብ ዘይምኽኑይ መጥቃዕቲ ንምምኽናይን ዝተኣልመ ዜናዊ ዘመተ ምዃኑ ንዋላ ሓደ እኳ ከደናግር ዝኽእል ኣይኮነን፣ ከመይሲ። እዚ ካብ ስቓይ ህዝብታት ሶማል ዝተወልደ ሓድሽን ንእሽቶን ፖለቲካዊ ሓይሊ። “ካብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ሓሊፉ ብደረጃ ዓለም ኣጀንዳታት ሰሪዑ። መርበባት ክዝርግሕ ዝደናደን ዘሎ ሓይሊ’ዩ” ምባል። ኣእምሮ ዘለዎ ኪቕበሎን ክኣምኖን ዘይክእል ውጹእ ጠቐነ’ዩ፣ 2. “ሶማልያ ቦታ ግብረሽ በራውያን ዝኾነት መንግስቲ-ኣልቦ ሃገር’ያ” ዝብል ጠቐነ ምምሕዳር ኣመሪካ። ታሪኽ ንዘይፈልጥ ድኣ ከደናግር ይኽእል ይኸውን እምበር። ሶማል መንግስቲ ኣልቦ ንምዃን ዝበቕዐትን ኣብዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ብኲናት ሓድሕድ ክትሕመስ ዝጸንሐትን። ብቐንዱ ብገንዘብን ኣጽዋርን ኣመሪካውያን እምበር ብገንዘብ ኡሳማ ቢን ላደን ከምዘይነበረ ህዝቢ ዓለም ኣረጋጊጹ ዝፈልጦ ሓቂ’ዩ፣ “ሶማል ቦታ ግብረሽበራውያን’ያ” ክበሃል እንተኾይኑ እምበኣር። ቀዳማይ ተሓታቲ። እቲ ብኣጽዋራቱን ገንዘቡን ንኹሎም ተቐናቐንቲ ጉጅለታት እናደገፈ ኣብ’ታ ሃገር ሕንፍሽፍሽ ክፈጥር ዝጸንሐ መንግስቲ ኣመሪካ እምበር ካልእ ዝኽሰስ ወገን የለን፣ 3. “ሶማል። መንግስቲ ኣልቦ ሃገር ስለዝኾነት። ንዝሃድሙ ኣባላት ኣልቓዒዳ መሕብኢ ገነት ክትከውን ትኽእል’ያ፣ እዚ ከይኮነት እንከላ ክንቀዳደም ኣለና” ዝብል ካልእ ተወሳኺ ሃለውለው ከኣ። “ክትበልዓ ዝደለኻ....” ዝዓይነቱ ምስምስ ድኣ’ምበር። ሶማል ሕጂ ኣይኮነትን መንግስቲ ኣልቦ ሃገር ኮይና፣ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ሃድን ግብረሽበራውያን ከኣ። ኣብ መሬት ሶማል “ተረኺቡ” ወይ “ኣሎ” ዝበሃል ግብረሽበራዊ ተሰሚዑ ከምዘይፈልጥ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ ሓቂ’ዩ፣ እቲ ብድሕሪ መጋረጃ ዘሎ ሓቀኛ ምኽንያት እምበኣር። ገነት ግብረሽበራውያን ከይትኸውን ስግኣት ስለዝተፈጠረ ዘይኮነ። “ገነት ረብሓታት ኣመሪካ ዝዕቅቡ ዕሱባት ንምግባራ” ጥራይ’ዩ፣ ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ኣመሪካ ኣብ ሶማል ክትገብሮ ትህቅን ዘላ ምትእትታው እምበኣር። ከምቲ ዝዋጠየሉ ዘሎ “ግብረ- ሽበራ ንምክልኻል” ዘይኮነ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋት’ውን ከም እተገልጸ። ብስም ምምሓው ግብረሽበራ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ግጭታት ዝዕቀበሉ ሕሙስ ኩነታት ከምዝቕጽል ጌርካ። ኣብ ዞባና ዕበለላን ምግባትን ምምሕዳር ኣመሪካ ዘረጋግጽ ውሑስ ሃዋህው ምፍጣር’ዩ፣ ሓድሽ ምዕባለታት ሶማልን ርግኣት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ንረብሓኡ ከም ዘየገልግል ዝተገንዘበ ምምሕዳር ኣመሪካ። ነዚ ምዕባለታት’ዚ ከሎ ገና ንምቕጻይ። ነቲ ብዝኾነ ወገን ካብ’ቲ ተደርብዩሉ ዘሎ መሬት ንኽልዓል ክምህለል ዝጸንሐ ወያነ ዓሲቡን ደጒሙን ዝገብሮ ዘሎ ቅሉዕ ወራር ከኣ። ንዝኾነ የዋህ ከደናግር ዘይክእል። መቐጸልታ ናይ’ቲ ብዋጋ ሰላምን ምርግጋእን ህዝብታት። ምዝመዛን ምግባትን ናይ ምውሓስ ዕንደራን ብድዐን ኣመሪካውያን እምበር ካልእ ኣይኮነን፣ ***

*-- መደረ እዋን ጻዕረ ሞት --!!-- ኣብ መደምደምታ ካብ ርእሰ ዓንቀጽ ሓዳስ ኤርትራ ከምዘለዎ ዝተቀድሐ ምኻኑ ናይ ዕለት 08 ሓምለ 2006 ተኪታተልዎ !!*

**እዚ ኣብ ላዕሊ ተሰቂሉ ዘሎ ስእልታት ነናይ ባዕሉ መግለጺታት ዘለዎ ንመራሕቲ ኤርትራ ኮነ ሳዓብቱ ዝምህር’ዩ !**



ፕ. ኢሰያስ ኣፍወርቂ ፕ. ሰሰዳም ሑሰን ፕ. ኣመሪካ ቡሽ ብሓይላ ናይ ዓለምና ባንደራ'ያ

## ዘሕዝን ዜናን ዕብዳንን መንግስት ኤርትራ እንታይ ከስዕብ'ዩ እዚ ኩሉ*ወያነ ወያነ* ?

*ወዳጆ ዕብዳንን መንግስቲ ኤርትራ ! ወዳጆ ርእሰ ምርኾሳ ! ወዳጆ ስቅታ ዝበዝሖ ህዝብና ! ሎምስ ደረቱ ሓሊፉ ነታ ሪኢና እንስእና ዘለና ኣሽሓት ጆጋኑ ዝተከፍላ ነጻነትና ከም ሳሙና እናሕቀቃ'ዩ:: ዘይሕጋውን-ዘይቅዋማውን ኣካይዳ ዝመበገሲኡ ተንኾልን ሸርሒን መራሕቲ ህግደፍ ኣብ ዕጽዊ ማዕጾ በጺሑ:: ሃገርና ዋናታታን ደቃን ዝሓዝኑላን ዝገድፍዋን እናኾነት'ያ: ብዘይ ብሱል ኣካይዳ ላዕለዎት መራሕታን: ስቅታ ዝበዝሖ ህዝባን: እንሆ ሎሚ ምድንጋጽን ክብርን ጥራሕ ዘይኮነስ ሕጋውነት ዶባታ'ውን ሲኢና: ብቑጠባ ተሓኒቃ ኣብ ጸልማት ተቀይራትሉ ኣብ ዘላትሉ ሳዓት: ኸንድ'ዚ ፈከራን ዕብዳንን እንታይ ኣምጽኡ:: ኤለትሪካ ይኩን ነዳዲ፣ ባኒ ይኩን ሽኾር ንህዝቡ ክቕርብ ዘይክእል መንግስቲ: ዝበለ እንተበለ ተቀባልነት ይኩን ክብደት ኣብ ዓለምና የብሉን:: ኣብታ መራሕቲ ህግደፍ ዝበክዩላን መስዋእቲ ክንከፍለላ ኢና ምስ ቀኒጂት ኼና ዝብሉላ ዘለዉ ኢትዮጵያ ከም ኣብነት እንተወሲድና ልዕሊ 80 ሚሊዮን ህዝቢ እናተቀመጡላ ሽግር ባኒ ይኩን ነዳዲ ከምኡ'ውን ሽግር ኤለትሪክ ኣጋጢሙና ብኹቦን ንዕደል ኣለና ኣይበሉን ህዝባ: ከምዓለሞም ነቲ ክብሪ ተጽዊሮም ይከዱ ኣለዉ:: ኣብ ኤርትራ ግን ኩሉ ነገር ዋላ ውልቃዊ ነጻነት የልቦን ብሰንኪ ወያነ ተባሂሉ ሃገር ብምልእታ ኣብ ጸልማት ተቀይራ: ኩሉ ብወትሃደራዊ ሕጊ ተቀይዱ መሰርዕን ኹቦንን ትእዛዝ ምቅባል ጥራሕ ኾይኑ: ኣብ ዘለወሉ መድረኽ: ንመንግስትታትን ህዝብታትን ሱዳን ይኩን ኢትዮጵያ ፋሕ-ፋሕ ንምባሎም ብዝብል ርኩስ ሜላ: ከም ብወልፊ ዕጸ-ፈረስ ዝሳቀዩ ሰባት ንምርካቡ ዝሸትትዎ ንሽግራት ናይ'ዚ ከባቢ እናሸተትካ ኣብ ቶግ ዝበለት ጥይት መሳርያታት ክትዕድልን: ኣለኹ ምሳኹም እናበልካ ከተቃልሕ: ልዕላውነት ሃገራት እናጠሓሰካ ሓንሳብ ብደቡብ ሓንሳብ ብምዕራብ ሓንሳብ ብሰሜን ሓንሳብ ብምብራቅ: ብቅሉዕ መሳርያታት ይኩን ዓለምቲ እናሰደድካ ነዚ ከባቢ ምህዋክ ጥራሕ ከይኣክል: ሕጂ'ውን እንሆ ምስ ዝኾነ ሓይሊ ተሰማሚዕካ ንወያነ ምውዳቅ ካብ ዝብል ናይ ሱዑራት ሜላ ተሓንጊጡ ምስቲ ዓለም ዝፈንፈኖ ኣል-ቃዒዳ ምትእስሳር ኣለዎም ዝባሃሉ ጉጂሌታት ሶማልን ኢትዮጵያን ሓድሽ ቃልኪዳን መስሪትካ ምስ መንግስት ኣመርካ'ውን ኣብ ተወሳኺ ዕሙር ግምባር ኹናት ምእዋጂ ተጀሚሩ ምህላዉ እዚ እነምብቦ ዝጸናሕና ርእሰ ዓንቀጽ ርእይቶን መርገጽን ፕረዚደንት ኢሰያስ እዩ:: እዛ ዓለም ኣንጻር ኤርትራ ኣይኾነትን: መራሕቲ ኤርትራ ብዝፈጥርዎ ተንኮላት ግን እናተቀጽዔት ክትመጽእ ጸኒሓ እያ:: ቀኒኣሙልና እናተባህለ ዝዝረብ: ይመስሎም ይከውን ሓቂ ነቶም ደናቑርን መጣቃዕትን ገንዘብ ዘየለ፣ ኣብ ነጻ ሃገርና ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ደሞዞም እናተከፍሉን ካብ ቻይናን ከዌትን ብስም ሃገርና ሚሎናት ዶላራት ደሞዞም ዝኾኖም እናተለቅሑን ከለዉ፣ ብነጻ ብዘይ ገለ ክፍሊት ጠበቃታቱ ባዕሎም ተቆጺሮም ኣብ ፈቀዶ ሃገራት ዝድዕሉ መንግስትና ጽቡቅ ኣሎ: ሃገር ትለምዕ ኣላ እናበሉ ክሳብ ብሰድያታት ንሓቂ ዝተዛረቡ ተጋደልቲ እናተዳራበዩን ፈስትባላት እናወደቡን ንህዝቢ ዘደናግሩ ዝጸንሑን ዘለዉን ሕሱራት ሕጂ'ከ እንታይ ክብሉና እዮም ? ብመደብ ስለዘይቁጸሩን ስለዘይክፈሉን ሎሚ ይኩን ጽባሕ ክብሪ የብሎምን: ስለዝኮነ ንመንግስትታት ኣመሪካን ወያነን ሱዳንን ብሓባር ሲዒርናየን እንተበሉ ዘገርም ኣይኮነን:: ኣብ ዝኾነ ነጻ ሃገር ብዘይ ዝኾነ ዶሞዝ ዝሰርሕ ወይ ዝጣበቅ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን ብዘካ ኣብዞም ውሑዳት እንተተላእኩ ዝሕጎሱ ናይሕጂ ሕሱራት መጣቃዕቲ ኤርትራውያ::*

*<u>ኤርትራውያንስ ብሕመቅና ምተጸመምናዮ</u>: ነዚ ኹሉ ኣብ ላዕሊ ከነንብቦ ዝጸናሕና ሓሶትን ብድዔን ኣብ ጥራሕ ጎልጎል: መሬትካ ተወሪሩ እናሬኤካ ከተምልስ ዘይከኣልካስ: ያኣይ ጉዳይ ሱዳን ኾነ ሶማል ምክንያት ብምግባር ምስ ኣመሪካ ምጽራፍ ዕብዳን መንግስቲ ኤርትራን ኣዳከርቱን:: እንቶ እዞም ሓያላት መሬትና ብሓይሊ ሒዞም ንህዝብና ዛሕዛሕ ኣቢሎም ዘለዉ ስርዓት መለስ ዜናዊ ኮነ መንግስቲ ኣመሪካ ክሳብ መዓስ'ዮም ክጽመምዎ ብሓቂ ዘደንጹ ናይሎሚ ፍጻሜታት እዩ::*

*ካብ ኣስመራ ሓውኩም ኣምባቢ ሓዳስ ኤርትራ!*

**ኣብ መደምደምታ ካብ ርእሰ ዓንቀጽ ሓዳስ ኤርትራ ከምዘለዎ ንመንግስት ኣመሪካ ንምስዓርን ንምህዳድን ዝዕላምኡ ናይ ዓዋሉ መደረ ዝተቀድሐ ምኻኑ ናይ ዕለት 27.06 - 08 ሓምለ 2006 ተኪታተልዎ!**

**Comments @** ብመገዲ ተሓባበርተይ: <u>ድምጺ መሰልና ደሊና እናተጸቤኩ'የ !</u>